ሓዳስ ኤርትራ


መበል 24 ዓመት ቁ. 36 | 6 ጥቅምቲ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰኑይ

ገጽ 2
ተፋደ ፈዳይ ሕነ




ገጽ 4
ኣብ ቀረባ ምርኣይ እናጸገመ




ገጽ 6
ዓድ ኣል ኣድሓ ኣብ'ታ መኣትዎ ሃይማኖታትና ዝሸፈት ባጽዕ



ገጽ 10
ብዛዕባ ኤች ፓይሎሪ




ገጽ 11
ምቁር ውድድራት መዳለዊ ዙር ዞባ ማእከል ተዛዚሙ



# ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ ኣብ መላእ ሃገር ብድምቀት ተኸቢሩ





ስ/ዮናታን የዕቢዮ

ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ ብ4 ጥቕምቲ ኣብ መላእ ሃገር ብድምቀት ተኸቢሩ። ኣብ ከተማ ኣስመራ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መእመናን ኣብ ዝሳተፍዎ ከበባ ኣብ ዝርከብ መሳጊድ "ኣላሁ ኣክበር" እናበሉ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ምስ ተኣኻኸቡ፡ ብሙፍቲ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ዑስማን ኣልኣሚን ተመሪሖም ሶላት ኣልዒድ ሰጊዶም።

ሙፍቲ ኤርትራ ኣብ ዝሃብዎ መልእኽቲ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንምእመናን ሃይማኖት እስልምና ድማ ብፍላይ "እንቋዕ ኣብዚ ቅዱስ ዕለት ኣብቅዓና" ድሕሪ ምባል፡ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይቲ በዓል ዝምልከት መግለጺ ብምሃብ፡ ኩሎም ምእመናን ሓድሕድ ክተሓጋገዙ፡ ብፍቕርን ሰላምን ክነብሩን ንጸገማትን ዘኽታማትን ክሕግዙን ኣባታውን መንፈሳውን ምኽሪ ለጊሶም።

ሸኽ ኣልኣሚን ኣስዒቦም፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ብልጽግናን፡ ኣብ ምክልኻልን ህንጸት ሃገርን ተዋፊሮም ዝርከቡ ዜጋታት ድማ ዓወትን ኣሳልጦን ክረኽቡ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ድሕሪ እዚ፡ መእመናን ንሓድሕዶም ናይ እንቋዕ ኣብጽሓና ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ መንፈሳዊ መዝሙር እናዘመሩ ናብ ዝመጹለን መሳጊድ ተመለሶም።

ብኻልእ ወገን፡ ብምኽንያት ዒድ ኣልኣድሓ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ሚኒስትሪ ዜናን ኣብ ከተማ ባጽዕ ባህላዊ መደብ ተኻይዱ።

ኣብቲ ብተለቪዥን ኤርትራን ድምጺ ሓፋሽን ዝተፈነወ መደብ፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣቶ ኪዳን ወልደስላሰ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝነብር ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን "እንቋዕ ናብዚ ክቡር በዓል ኣብቅዓኩም" ድሕሪ ምባል፡ ሃይማኖታዊ በዓላትና መርኣያ ምኽባርናን ሰላምናን ከም ዝኾኑ፡ እዚ ድማ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዘይርአ ጭዋ ባህሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኮይኑ፡ መግለጺ ሓድነትን ፍቕርን ምትሕልላይን ምድግጋፍን ዝሕለገ፡ ሃብታም ባህልና ምኻኑ ሓቢሩ።

እዚ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ሓርበኛታት ኣቦዋት ብሓባር ኣንጻር ገዛእቲ ሓድነቶም ኣትሪሮም ክምክቱ ዘኽኣሎም፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝያዳ ዓሚቑን ደልዲሉን ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ቀቢላን ኣውራጃን ቃልሱ ክዕወት ከም ዘኽኣሎ ብምብራህ፡ እዚ ክብርታት'ዚ ብዝበለጸ ተዓቂቡ ናብ መጻኢ ወለዶታት ንኽመሓላለፍ ተራ ናይ ኩሉ ዜጋ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ጽገረዳ ወልደገርግስ ከምኡ'ውን ካልኦት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ነበርቲ ንኡስ ዞባ ባጽዕን ተረኺቦም ነይሮም። እቲ መደብ ጉጅለ ባህሊ ቢሻ ብዘቕረቦም ማሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

## ትካላት ቱሪዝም ደረጃኦ ዝሓለወ ኣገልግሎት ክህባ ጻዕርታተን ዝያዳ ከሐይላ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ደረጃኡ ዝሓለወ ኣገልግሎት ክህባ ጻዕርታተን ዝያዳ ከሐይላ ከምዝግብኣ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ጊላዝጊ ወልዱ ምስ ኣባላት ማሕበር ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኣብ ዘካየዶ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ብ30 መስከረም ኣብ ባጽዕ ዝተኻየደ ርክብ ኣቶ ጊላዝጊ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሓፈሻ፡ ከተማ ባጽዕ ከኣ ብፍላይ ብርክት ዝበለ ቱሪዝማዊ መስሕብ ዘለዎም ቦታታት ከምዝርከቡ ጠቒሱ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናበረኸ ዝመጽእ ዘሎ ቁጽሪ በጻሕቲ ንምእንጋድ ዝተፈላለያ ቱሪዝማዊ ትካላት ደሓን ዝኾነ ኣገልግሎት ይህባ'ኳ እንተለዋ ፍሕሽውን ምውኻቕን ኣቀባብላ ንበጻሕትን ጽሬቱ ዝሓለወ ኣገልግሎት ምውዳድን ዓማዊል ኣብ ምስሓብ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ክገንዘባ መኺሩ።

ዓማዊል፡ ጽፉፍ፡ ስሉጥን ርትዓውን ኣገልግሎት ንኽረኽቡ፡ ኣፍልጦ ወሃብቲ ወሃብቲ ቱሪዝማዊ ትካላት ኣብ ምሕደራ ወሳኒ ከምዝኾነ ዝመልከተ ኣቶ ጊላዝጊ፡ ደምር ወጽኢት ናይ'ዚ ዕማም ኣብ ቱሪዝማዊ ዕብየትን እወታዊ ምንጽብራቕን ሃገርና ዝህልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ከምዘይጥመት ኣስሚሩሉ።

ወከል ማሕበር ወሃብቲ ቱሪዝማዊ ኣገልግሎት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሳሙኤል ተኽለ ብወገኑ፡ እቲ ማሕበር ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ጠለባት ዓማዊሉ ንምምላእ ዕቱብ ጻዕርታት ከካይድ ከምዝጸንሐን ዘሎን ብምሕባር፡ እተን ኣብ ትሕቲ ጽላል'ቲ ማሕበር ተጠርኒፈን ንጥፈታትን ዘካይዳ ዘለዋ ትካላት ንህዝቢ ብርትዓዊ ዋጋን ጽሬትን ምእንቲ ክህባ ብቐዋተንን ምሕደራአንን ዘበርክቱ ባይታ ክፍጠር ተላቢዩ።

ስሉጥን ዘተኣማምንን ኣገልግሎት ንምሃብ ምሕያል'ቲ ማሕበር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዘገንዘቡ ተሳተፍቲ'ቲ ኣኼባ ድማ፡ ዓማዊል ስሉጥ፡ ጽፉፍን ርትዓውን ኣገልግሎት ክረኽቡ፡ ኣብ ቀረብን መሸጣን ዋጋ ዝርአ ፍልልያት ገደብ ክግበረሉ፡ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠናታት ክወሃብ ዝበሉን ካልኦትን ለበዋታት ብምቕራብ፡ ጠለባት ዓማዊሎም ንምምላእ ጻዕርታቶም ከበርኹ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ተፋደ ፈዳይ ሕነ

መሓሪ ዕቑባሚካኤል (ጠዊል)

ኣብ ዝሓለፈ ወሎዶታትና ካህንን ጓል ኣንስተይትን ክዘርም ወስ ዝበለ "ፎእ!" እዩ ዝብሀል ዝነበረ። ሎሚ'ውን ዘመልከዮሉ የለን። ምስ ፍቕሪ ተቛጺዩ ዝበን ቀጫጪን ወስ ንብለን ኢና እምበር ኣንጸርጸርካስ ጉዳይ ሓሳርዩ ዝነበረን። ሓቂ ይሓይሽ ብዓል ቀንጃት'ውን ህሰይ ከየበልካ ጠፍ ምባል'ሲ ካብ ሱቕ ይሓይሽ ክትብላ እዝጊ ብወረ ዝሰማዕኩ። ሎሚኸ ጓል ኣንስተይቲ ክትውቃዕ ርእዩ እሕሕ ዝበል ኣሎ'ዶ?

እንተደለና'ውን ንፈርሕ ኩኡ ከም ወዮ ዓርከይ ከውግዓንስ ሓደ እዋን ከባቢ ሰዓት 10:00 ምሸት ይኸውን ውጫጩ ናይ ሓንቲ ሚስኪን ኢሉ ዝሓሰበ ጓል ኣንስተይቲ ሰማዒ ከበላግል ይኸይልኩም። እቲ ንሱ ዝርእዮስ ደሓን ክትዛረበሉስ ይትረፍ ክትርእዮ'ውን ሓጥያት ስለ ሰኾነ ኣይንደግሞ። ዓርከይ ሕማቕ ርእዩ ምስወያዓማጺ ኮይኑ ዝተሰምዖ ሓደን ክልተን እናተባህለ እንከሎ ወጨጫ ኢሉ ዝሓሰበ ጓልሲ "ደሓን ዝሓወይ ሰብኣየይ እዩ" ኢላስ ኣፉ ኣትሕዘቶ። ድሕሪኡ ዝበሃል ኣይኑበሮን ይቕረታ ግዙፋለይ ኢሉምም መንገዱ ቀጺሉ። ደሓር ኣብ መንገዲ እንተሓሰበስ እቲ ኣውያት ካብኦም ደዩ ካብ ካልእ፡ ካብ'ታ ጓል ደዩ ካብ'ቲ ወዲ መልሲ ኣይረኸበሉን። ሱቕ ይሓይሽ ኣእወዩ መታዓረቒ ዝዘርም ስለ ዘየለ።

ኑቲ ወዲስ ወረ ዘውዓሎ ምውዓለ ኢታ ከተዓርቓ ኢሉ ዘላዝስ ጓል ብእግርኻ ሓፍ ኣቢላ ናብ መሬት እንተሰሓትካኸ። ደሓር ከኣ ናይ ሎሚ ኣዋልድ ሓወሲ እዚ መዓንጠኣን ሓሞት ሕውስ ዘበላ እየን። ብጡኛን ኣኹድርን ዕምብሹብሽ ክሰርሓኻ ይኽእላ እየን። ንጽባሒቱ ወዲ ሃሪመኒ እንተበልካ ሓሶት ጓል ደርጊምትኒ እንተድኣ ኢልካ ከኣ ኣቤት ትምርዓወካ እኳ ኣይትረክበን። ዕድል እንተድኣ ገርካ ግን ከም'ዚ ናይዚ ዓርከይ ኢድ ክስእኻ ትኸይድ ።

ትገሸተተይ ዘምጻኣንስ ካልእ እዩ። ጉዳ ዕላል እንተድኣ ሓዘስ እንሓንሳእ ብእኡ ኣብለ ይጠፍእ እዩ። ወረኖዶ ኢልኩማኒ ሓቀይ! ደሓን ኣይትደግምን'ያ። ወረ ሕጂ'ውን ከይጠፋእኩ እንከለኹ ናብ'ቲ ዘምጻኣኒ ክሰግር። ኣቶ መብራህቶ ግርማይ በዓል ዓዲ ቃባ መራጉዝ ዘዕለለኒ ሓቂኛ ዛንታ ኢያ።

ኣቶ መብራህቱ 40ታት ዝረገጸ ምስ ምኳኑ ዚ ታሪኽ ብኣፈታሪኽ ዝረኸቦ እዩ። ኣዋልድ ጋዝይ ቴድሮስ፡ እንዳኣሎም፡ ተሰፋን ደማስን ሕጊ ተደፊኑለን ዝነበረ ኣዋን እዩ። ኣይንርእ ንፍትሒ ቁልቁል ዝኣፉ ደፍን ዘብል ሕልናኡ ዝሞቶ ሸሞኛ ነጊሶሉ ዝነበረ እዋን። ንስለተግቡሩ ከይተሳ ኣይተርፍን እዚ ሽመኛ፡ "ፍትሒ የልቦ" እዩ ዝብሃል ዝነበረ። ኣደኡ ዝሃበቶ ስም ኣይነበረን፡ ሽም ሕማቕ ተግባሩ እዩ። እዚ ሽመኛ ምቕማጡ ኣብ'ዚ ሕጂ ዓዲ ሽመካለ( ሽም ኣካለ) ዝብሃል ናይ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ እዩ። እቲ ኸባቢ ፍትሒ ተደፊንዎ ዝሓየለ ዝነበረሉ እዋን ኮይኑ ከኣ ይዝከር። ተዓማጺካ እዝጊሄር የርእኹም እንተዳኣ ኢልካ መራጉዲ ዝኸውን ካልእ ዓመጽ ይወሰኸኩ።

ፍትሒ ደሊኻ "ጎይታይ ! እገለ ንብርሃ ላመይ ሓሪዱ በሊዕዋ እዝጊሄር የርእኹም፡ ተበዲለ እንተድኣ ኢሉ እንተድኣ መጺኡ " ሰ ስ ሓ ጠልካ ከኣ ሃቦ" ትእዘዝ። "እከለ ን ሰ በ ይ ተ ይ



ብ ሓ ይ ሊ ደፊሩዋ ዝበራ ጥንሲ ከኣ ኣ ፋ ሲ ሰ ዎ " እንተድኣ ኢልካ፡ "ኣጥኒሱ ክሳብ ዝህቦካ ሰበይትኻ ምስኡ ትጽናሕ" ዝብል ፍርዲ ይወሃበካ። ሰበይተይ ኣጥኒሱለይ ኢልካ እንተከጠራዕካ ከኣ ክሳብ ትሓርስ ሰበይትኻ ምስኡ ትጽናሕ" ትእዘዝ። እምበር ፍትሒ የልቦ!

ቀሉብ ቁልዓ ኢላ ዝጠርዐት ሰበይቲ ኑቲ ኣቦ ወላዳ ክትቕልቦ ትእዘዝ። ዕድል እንተዳኣ ጌራ ከኣ ወይ ሓዋ ወይ ኣቡኣ ክቕልብዎ ይፍረዱ። እዚ ኩሉይ ክኸውን ጉዳይ ናይ'ዚ ዓመጽ ዝኾና እተን ብሓይሊ ድኽም ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ'የን ዝነበራ። ሰብኣይ'ሲ ከም'ኡ ሰብኣይ ዓሚጽዎ ክኸይድ ይትረፍ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን 'ውን ሰብኣይነትካ ስለ ዝንከ፡ ስለ ኑበሱ ክብል ዓማጺ ኑበሲ ይጉትእ ኔሩ እዩ። ንባዕሉ እቲ ዓማጺ ተዓማጺኡ እንተኸደ እንታይ ከምዘወርዶ ስለዝፈልጥ። እንተ ጎረዛ እቲ ከባቢ መፍቶ ሕልና ዘይብሎም ወርጠበን መንእሰያትን ኮይነን እየን። ባሲህ ዝብል የለን። ተዓማጺ ኢላ ዝኸደት ጓል ክሳብ ዝመንወኪ ምስ ዓማጺኺ ጽንሒ ስለ ትብሃል።

ሓሳረ መከራ ምስ ጸገበ ግን ሰበም ኣይሰኣንን መውጽኢ ትኸውን ጽብቕቲ ሓሳብ መኺርወን። ተፋደ ዝተባህለ ሃብሮም ብፈረስ ዝንቀሳቐስ ኣብ'ዚ ሕጂ ዓዲ ጎስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓዲ ምስ ኣሕዋቱን ሰድራኡን ይቕመጥ ኔሩ። ብሰድራኡ ምሩቕ ብኸበበኡ ፍትው፡ ክትርእ ዘህንን ዓጠማ ጎበዝ እዩ ኔሩ። ሓሳረ መከራ ኣሕዋቱ ዘቐንዘዎ፡ ናይ ፍትሒ የልቦ ፍትሒ ዘይምህላው ዘቐንዝዎ ብዓል ሕልና፡ ኣቤት ጀግንነት!

ሰበም ኣማኻሪ ንጎረዛ እቲ ኸባቢ እዚ ምኽሪ ይመኽረን። " ጉዳይክን ተፋደ'ዩ ዝፈትሖ፡ ሕማምክን ኣሕሚምዎ ኣሎ፡ ሕጂ ኬድክን ኣብ ቅድሚኡ ብኺያ" በለን። ኮነ ከኣ ጎረዛ ተኣኪበን ገጸን ብጸሊሎ ተሸፊየን "ጽባሕና ካብኻ እያ ተፋደ" ኢለን ኣምሪረን በኺያሉ። ተፋደ ከይወዓለ ከይሓደረ "ሕማምክን ደኣ ነዊሕ እንደዩ ኣሕሚሙኒ፡ ህዝበይ ፍትሒ ስኢኑ በኸዩ ኣሕዋተይ ተዓሚጽክን ዓመጽ ኮይኑ ካሕሰኽን ወይ ኣነ ኣሓተይ" ኢሉ ብዓዲ ኩምተር በሎ። "ኪዳ እስከ በላዝን ኣሕዋተይ ቀሲንክን ሕደራ ናባይ ግደፍኦ" ኢሉወን ወየን ጎረዛ ካብ ዓይኑ ክውል ምስ በላ ፈረሱ ሎጉሙ፡ሰይፋ ዓጢቑ ተበገሰ።

ሽመኛ ፍትሒ የልቦ'ውን ፈረሰኛ ስለዝነበረ ጥርዓን ኣብ እዝኑ ከይበጽሐ እንከሎ ኣሸብ ተበገሰ። ድርዕቶ ተኸዲኑ ከኣ ናብ'ቲ ፍትሒ የልቦ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ዓዲ ሽመካለ ኣተወ። ዘበዓኛታት ፍትሒ የልቦ ካብ ርሑቕ ክመጽእ ምስ ረኣይዎ፡ "እቲ ፈረስ ናይ ተፋደ ይመስል እንተ'ቲ ክዳን ግን ብሳይ እዩ። እዚ ሎሚ መንገደኛ ክኸውን ኣለዎ" ኢሎም ሓሰቡ እሞ፡ ኣዋልድ ንብዓተን ግዲ ሰማይ ዓሪጉ፡ ተፋደ ብዘይዝኾነ ተጻብኦ ኣብ ኣፋፊት እንዳ ፍትሒ የልቦ በጽሐ።

ሕነ እዚ ኩሉ ፍትሒ የልቦን ፍትሑን ንዘለኣለም ኣብ'ቲ ዝኣበሰሉ ቐርዓት ንዘልኣለም ትሕቲ ጉድጓድ ሰጠሞ። ኣብ ደም በጺሕኻ ግን ናይ እከይ የብሉ ናይ ንጹህ፡ ደም ምኳኑ ስለዘይተርፎ ቡታ ዝወጸ ፈረሱ ጠውዩ ካብ ዓይኒ ዓዱ ተሰወረ። ካብ ዓዲ ሽመካለ ዝጋለበ ከኣ ኣብ ዓቢ ዓዲ ሓደረ። ቡታ ለይቲ ምስ ሓንቲ ኣብ ዓቢ ዓዲ( ከባቢ መንደፈራ) እትነብር ዝነበረት ስለዝሓደረ እታ ሰበይቲ ጥንሲ ሓዘት። ደቂ ተፋደን ደቂ ደቆን ከኣ ነታ ዓዲ ምልኦ ኣብልዋ።

ኣይጸንሐን ኣብ ዓዲ ዓዳ ሓደ ለይቲ ሓዲሩ ንሰገሱ ፈረሱ ለጉሙ ንጽባሒቱ ትገዕዝ ዊዒሉ ከኣ ኣስመራ ገዛ ብርሃኑ ምስ ካልእ ሰበይቲ ሓዲሩ ንጽባሒቱ ፈረሱ ሎጉሙ ሸውዓተ ዓንሰባ ኣዕረፈ። ኣብ'ዚ ቦታ እዚ ከኣ እዩ ሂወቱ ቀሲኑ ክመርሕ ዝኸኣለ። ጓል እቲ ኸባቢ ተመርዕዩ ካብ ሕነ ምፍዳይ ቀሲኑ ክኑበር ጀሚሩ። ተፋደ ንሻሓቕ( ሹሓይ) ወሊዱ ከኣ ሕጂ'ውን ንበዓት ኣዋልድ ጋዝይ ቴድሮስን ሰማይ ዓርጉ ግዲ ምርቓ ኣብጺሑስ ዚ ደቂ ሹሓይ ዝብሃል ዓዲ ዝወለደ'ዩ ክብል ኣቶ መብራህቱ ግርማይ ኣዕለለ። ዝገርም ነገር እታ ተፋደ ዝተወልደላ ዓዲ ጎሰን እታ ሹሓይ ዝፈረያ ዓድን ክርአ እንከሎ ደቂ ሹሓይ ብኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዕጽፊ ትዓቢ። ኑየም ኣብ ገዛ ብርሃኑ ዘለዉ ደቁን ኣብ ዓቢ ዓዲ ዘለዉን ደማሚርካ ከኣ ክንደይ ክመጹ ከም ዝኽእሉ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን።

ድሕሪ እዚ ተፋደ ናብኡ ኣይተመልሰን ኣዋልድ ጋዝይ ተድሮስ፡ እንዳኣሎም፡ ተሰፋን ደማስን ሳላ ተፋደ ጥዑም ሂወት ከስተማቕራ ጀሚረን። ህዝቢ እቲ ከባቢ ከኣ ንመጀመርያ ግዜ ፍትሒ ኣስተማቒሩ። ተፋደ ከኣ ኣይሰማዕን ድኣ ይኸውን እምበር ብኣዋልድ ደርፌ ጃግዙት ተደሪፍሉ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቍ.ስ 201820(2212)

ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ዮሃንስ ሃይለ


# ሕብረ ትግርኛ

መጸናዕትታት ስነ_ቛንቛ ከም ዝሕብርዎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 15 ኪሎ ሜተር ኣብ ወሸጢ ሓደ ቛንቛ ቁሩብ ለውጥታት ናይ ቃላት ይርአ። ኣብ ቛንቛ ትግርኛ እውን ከምኡ ተዓዚብና ንኸውን። ምናልባት'ውን ሓደ ቃል ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተፈላለየ ትርጉም ይህልዎ ይኸውን! እስከ እዘን ዝስዕባ ቃላት ንርአ።

ተባዕታይ ደርሆ ብዝተፈላለዩ ቦታትት ዝተፈላለየ ኣስማት ሰሚዐሉ ኣለኹ።

ዓንዳፍ፡ ዓርጊድ፡ ደርጓዕ፡ ታኒ፡ ኩኩና
ሕቛፎ ዝኸውን ዝተዓጽደ እኽሊ
እንዳእቲ፡ ጉብላ፡
ሰዋዲያ ብዕራይ
ትፍንቲ፡ ዝራብዕ
መሕቘፊ ጸባ
ኣልቦ፡ ተፈቶ

# ወይ ሰብ ደቀይ !

ገብሩ ክብረኣብ

## ሕርይቲ - ኣብ ሰሃሮ ሲናይ

26 ክፋል

ተኽሉ 'ዕስራ ሽሕ ዶላር ተቐቢሉለይ ኣሎ' እናበለ፡ ብሓሶት ኑየም ራሻይዳ ክዋርዮም ምስቀንጸ፡ ሕርይቲ "ትፍጽሞ ዘለኻ ጌጋ'ዩ፡ ዝወለደት ክትወልድ 'ኣነ ገንዘብ የብለይን ከይትዛረመኒ ምእንቲ ኣልዕል ኣበለ'የ ዝበልኩ'፡ ኢልካ ንገሮም" በለቶ። ከምዝበለቶ ክገብር ምእንቲ ክወሰውስ ግዜ ድሕሪ ምሕላፍ ድማ ትብዕ ኢሉ ንሓደ ካብኦም ገሪፎ ተዓዘዮ። ሕርይቲ ኑቲ ኩነት እቲ ዘከራ ዝ. በለት።

"ምስተኽሉ ብዙሕ ተዘራሪብና ኢና። ኣነ 'ንገሮም' ክብል፡ ንሱ ክጠራጠር፡ ክንደይ ግዜ ሓሊፉ። ኣብ መወዳእታ ኣምረረ ምስተዛረብክዎ ግን ሕራይ ኢሉኒ። ሕጂ ከምዚታት ክዝዘል ከለና ኩሉ ሰብ ደሰምዓና ኣሎ። እቶም ካልኦት ከማን ኪቶም ሓሳብ ሂቦም። ግን ኩላቶም ኑቲ ኣነ ዝበልክዎ ዝደግፉ'የም ነይሮም። ገሊኦም 'ሕርይቲ ጸቡቕ ኣላ፡ በጃኻ ኢልካ ንገሮም' ኢሎሞ። ገሊኦም ከኣ 'ወረ ቅልጥፍ ኢልካ ንገሮም ደሓር ግዜ ምስወሰደ ዝኸፈኣ'ዩ ክኸውን' ኢሎም ኣፈራሪሖሞ። ተኽሉ ኑቲ ኣብ ጉዒ'ታ ዳስ ዝበረ ራሻይዳ ክጽውዖ ዝወሰነ ሕጂ ብኸምዚ'ዩ። ኑቲ ራሻይዳ ክደዮ ኸሎ፡ ደምጹ ክብ ኢሉ ነይሩ። ንደምጹ ሰሚዐ ሕጂ ኣነ ማራ ደፊሩ ከምዝሎ ተረዲኡኒ። ጥምት ምስ ኣበልክዎ ግን ገጹ ብርቱዕ ፍርሒ ይንጸባረቕ ነይሩ። እቲ ራሻይዳ ኣትዩ ምስኣተዎ ኸኣ እግሩ ክንፈጥፍጥ ጀሚሩ፡ ብፍላይ የማይቲ እግሩ...."

"እሽኻዱ ኣይኩንካን ዝጸዋዕካ?" ካብ ተኽሉ መልሲ ምስስኣነ እቲ ራሻይዳ ደጊሙ ሓተቶ።

ተኽሉ ሽዑ እውን እዋን በሰዐ። "ኢታ ምሳኹም'የ መንዩ ግዲ ዝጸወዐ?" እቲ ልእም ዝበለ ቃና ዝበሮ ራሻይዳ ኑቲ ሕቶ ናብ'ቶም ካልኦት ሰንደዮ። እቶም ካልኦት ገሊኦም ብጠቦ ዓይኖም፡ ብጽሩፉ ናብ ተኽሉ ጠመቱ። ሕርይቲ ድማ ኑተን 'ኣየ ንገር' ዝበላ ኣዕይንታ ኣፍጠጠትሉ። ንዓረበኛ ናይቲ ራሻይዳ ናብ ትግርኛ ዘቸርር ዝበረ ኤርትራዊ-እድሪስ ከኣ ተኽሉ ምስዝረ ክስዕብ ዝኽእል ኣሰከፎ።

"እእ... ኣነ'የ...ኣነ'የ ጸዊዐ" ተኽሉ ኣፍ ምስከፈተ፡ ካብ ሕርይቲ ጀሚርካ መብዛሕትኦም ብውሽጦም ዝተሓገሱ መሰሉ።

"እንታይ ደኣ ሰቕ ትብል'ሞ? እንታይ ኢኻ ደሊኻ?" ሕቶኡ ቀጸለ። እቲ ራሻይዳ ምስቶም ካልኦት ብዑቱ ብምንጽጻር ህዱእን ምቕሉልን ነበረ።

"ማይ! ማይ'የ ጸሚኢ...ብጽምኢ ማይ ጉረሮይ ነቒጹ!" ተኽሉ፡ ኣብ ኣፉ ዝመጾ ተዛረበ። ክጥምትዎ ዝጸንሑ ኩሎም ቅዝዝ ኢሎም።

"ማይ! ማይ ጸሚኢ ክትብል ኢኻ ጸዊዕካ? ማይ ደሊየ ንኽትብል ኢኻ እዚ ኩሉ ግዜ በሊዕካ? ሓሶት'ዩ 'ዚ ዝደለኻዮ ተዛረብ? ኣውጻኣዮ ቀልጥፍ?" ሽዑ እውን ቅሩብ ድኣ ውዕይ ኢሉ እምበር፡ ኣየጉባዕበዖን።

"ማይ'የ ደልየ፡ ካልእ ዝደለኽዎ የብለይን! ማይ ሓቲተ ስለዘይፈልጥ'የ ተሸቝሪረ...እምበር በቃ ማይ'የ ደልየ" ኣብዞን ዘውጽኣን ቃላት ኣትከለ።

"ያ እድሪስ!"

ንተኽሉ ጉዲፉ ናብ እድሪስ ኣበለ። "ኣቤት መዓልም!" እድሪስ መለሰ።

"ማይ ከይሰተዩ ክንደይ ደዮም ገይሮም? ኣይሃብኩዎምን ዲኻ"

"ሂበዮም'የ። እንተኸኑ ሽዑስ ተኽሉ ኣይሰተየን።ሽዑ ስለዘይሰተየ'ዩ ጸሚኡ ዝኸውን!" ኣልዕል ኣበለ፡ ንተኽሉ ኣመኽነየለ። ድሕሪ'ዚ እቲ ራሻይዳ ሓንጎብ ናብ እድሪስ ሓንጎብ ናብ ተኽሉ ምስጠመተ፡ ንገጹ ኣዕትብ ኣበለ፡ ካብቲ ዳስ ወጺኡ።

"ኢታ ንሸኻስ ከምዚ ትገብር?" እቲ ራሻይዳ ወጺኡ ክብልን ንቕይቂ ኣብ ቀረባ ዝጸንሐት ሕርይቲ ቃል ከተምሉቖን ሓደ ኩይኑ።

"ሓቃ እኮ'ያ! እዚ ኩሉ ተዓሊኻስ ከምዚ ገይርካ ትፈሸል?" ሓደ ካልእ ተዛረበ።

"ሰቕ ኢሉ'ዩዚ! ንሕና'ኮ ደሓር ከይከፍኣካ ኢና ተዛሪብናካ!" ካልእ እውን ወሰኸ።

"ግደፍዎ! ከምዚ ገይርኩም ኣይትዛረብዎ! ንሱ ዝተሰምዖ'ዩ ገይሩ። ክዋርር ኣይደለየን። ንሓደ ሰብ ከኣ ብሓይሊ ንገር ኣይትብሎን ኢኻ። ንገር ንገር ክንመጾ ኸሎ ክዋርሮም'ዩ ሽዑ እንታይ ኪጋጥሞ'ዩ ከኣ እዝጊ ዋናኡ። ከቕልለሉ ጥራይ ተተሰሪፈ እምበር ብሓይሊ ዝኸውን የለን!" እድሪስ ኣብ ክንዲ ተኽሉ መለሰ። እዚ ምስተባህለ ዝርርባት ሃደኣ። ተኽሉ ብዘሬጸሞ ከይተሓገሰ ድማ ናይ ወትሩ ፅዑኦም ናብ ዝኸነ ምድዋል ቴሌፎን ሰገሩ። ምድዋል ቴሌፎን ምሉእ መዓልቲ ወዓለ። 'እገለ ከምዚ ተባህለ። ንእገለ ክንድ'ዚ ክንሰደልካ ኢና ኢሎሞ። እቲ ንእገለ ክሰይልካ'የ ዝበሎ ቴሌፎኑ ኣይሰርሐትን።' ከምዚን ዝኣታት ዝመሳሰልን ዘረባታት ከኣ ኣብቲ ዳስ ተወናጨፈ። እዚታት ክኸውን ኩሉ ግዳይ ብምሉእ ኣደነሆ'ዩ ዝንቀሳቐስ ነይሩ። ሕርይቲ ግን ሓንሳብ ደኣ ደወለት እምበር ጸጊሓሰ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ተጸጊዓ ረፋዕ ብምባል'ያ ነታ ዳስ ክትከታተላ ዝጀመረት። ሕርይቲ ዝ. ዘከረ፡

"እቲ ናይ ተኽሉ ጉዳይ ሓሊፉ፡ ርድኡና እናበልና ቴሌፎን ክንደውል ምስጀመርና፡ ሃንደበት በዚ ጉጓይ ቃንዛ ተሰሚዑኒ። እቲ ቃንዛ ሕይሊ ስለ ዝበለጸ ኸኣ ጸግዕ ኢለ ኮፍ ኢለ። ሕጂ ከምዚ ኩበለካ፡ ከብደይ ኣጸቢቑ ገጂፉ'ዩ። ደሓር ቀያሕ ቅርብ ኢላ፡ 'ኣይድሓንን ዲኺ ሕርይቲ?' ትብለኒ። 'እንድዒ ቃንዛ ገይሩለይ በዚ ጉጓይ' ምስበልክዋ፡ ክትዕዘበና ጸጊሓ ረጊድ ከኣ ቅርብ ኢላ፡ 'እሞ መዓልትኺ ኣኺሉ ከይከውን ኑየም ራሻይዳ ክንጽውዖም' ትብለኒ። ከይመለስኩላ ከለኹ፡ ቀያሕ፡ ክንደይ ወርሒ ዲኺ ገይርኪ፡ ኢላ ትሓተኒ። 'እዋእ ሸሞንተ፡ ሸሞንተን ገለንሲ ይገብር'የ'፡ ኢለያ። ወላ እቲ መዓልታት ከማን ክደናገረኒ ደልዩ። እሞ ጸቡቕ ኣላ ረጊድ፡ ከመይ ይገብረኪ ኣሎ? ቅርጸት ደዩ? ቅርጸት ገለ ይገብረልኪ እንተዛልዩ ክንጽውዖም? ከኣ ትብል ቀያሕ። ኣትን ኣሕዋተይ ድሓን'የ ብዙሕ ኣይከሃኒ፡ ኣብኡ ኸሎ'ዩ ሸቕ ኣቢሉኒ፡ ደሓን'የ ምስ በልክወን ግን ቅሩብ ሃዲኣን። ንዓይ ኸማን ንምሽቱስ እቲ ቃንዛ ጉዲፉኒ። ግን ክገርመካ እቲ ቃንዛ ጉዲፍኒ ምስ፡ ኣብ ርእሰይ ግን ሓሳባት በዚሑኒ። ክድቅስ ፈቲነ ወይከ..."

'ስራሕ ረኺብልኪ ኣለኺ' ብዝብል ቃሉጥባረ ካብ ጉልጅ ናብ ከሰላ ቅድሚ ምጭዋያ ኣብ ከርሳ ዝፈለሰ ዕሸል፡ በርኻታት ሱዳንን ምድረበዳታት ግብጺን ኣብ ከርሲ ሕርይቲ'ዩ ሓሊፍዎ። ኑቲ ኩሉ መስገደልን ናብ ሰኣልሲናይ ንምብጻሕ ንዘተሓልፈ ሕሰምን ምረትን እውን ኣብ ከብዲ ኣደኡ'ዩ ተኸፊልሉ። በቲ ቃንዛ ዝበረላ ምሸት ንሕርይቲ ክትድቅስ ዘኸእላ ድማ ዝታት ክትሓስብ ነበረ።

"ኣነስ ካብ ዝኸኑ ካልእ ናይቲ ኣብ ከብደይ ዝበረ ዕሸል ጉዳይ ፍጹም ከፈኣኒ ነይሩ። ከብደይ መመለሱ ክገዝፍ ምስጀመረ'ሞ ግደፎ። እንታይ ማለትካ መጀመርታ ኣብ መገዲ-ሰናይ በቲ ጸቕጥቅጥን ካልእን ኑቲ ዕሸል ቀብጸዮ'የ። በቃ ብህይወት ክህሉ ኣይክእልን'ዩ ጥራይ ዝገበርኩ ገይረ ካብ ከርሰይ ክኣልዮ፡ ይብል ነይረ። ጸንሕ ኢለ ኸኣ ንዓይከ መንዶ ብህይወት ክትጸንሕ ኢኺ ዝበለኒ ኣሎ'ዩ? ሎሚዶ ጽባሕ ይመውት? እናበልኩሱ ብዙሕ ኣብ ከብደይ ዘሎ እንታይ ዘሕስብ ኣሎኒ፡ እብል። ከምዚታት እናበልኩ'ዩ ሕጂ ከብደይ ዝገፍሕ ዘሎ። እዚ ኸኣ መመለሱ ከሻቐረኒ ጀሚሩ። ኣብ'ታ ለይቲ ሕጂ ንኣዕይንተይ ፍጹም ሰም ኣየብልኩወንን..."

ንሕርይቲ ከሕስብ ዝሓደረ ጸላም ቀደድ ምስበለ፡ ኣጸቢቑ ከይሃህ ተኽሉ፡ ዝሓለሞ ኒታ ዳስ ኣካፈላ፡ 'በቃ ጸውዕ ኣበለ፡ መግረፍቲ ስለዝፈራሕኩ ኣልዕል ኣበለ'የ፡ ዕስራ ሽሕ ዶላር ተኣኪቡለይ ኣሎ ዝበልኩ፡ ብዘይካ ሽደሽተ ሽሕ ዶላር ዘሎኒ የብለይን፡ ክብል'የ በሎም ኣብ ማእከሎም ብምዃን። ርግጸኛ ምዃኑ ምስተኣማመኑ ድማ እድሪስ ንደገ ብምውጻእ ንሓለቓ ናይቶም ገረፍ መሪሕዎ መጺኡ። እቲ ጸዋዕ ራሻይዳ እትው ብምባል ግትር ምስበለ

"ያ መዓልም፡ ኣነ ዕስራ ሽሕ ኣይኣከብኩን። ሽደሽተ ሽሕ ጥራይ'የ ኣዳልየ ዘለኹ። ንሰን ከኣ ናብ እስራኤል ኣይተላኣኽን" ተኽሉ ንዘኸኑ ንጥፈት ቀዲሙ ብዘይልቡ ተዛረበ። እድሪስ ክትርጉመሉ ኸሎ ግና 'ሕሙም ስለዝኸኑኹ ካብ መግረፍቲ ፈሪሐ'የ ከምኡ ገይረ' ክብል ወሰኸሉ። እቲ ጸዋዕ ራሻይዳ ዝ. ምስ ሰምዐ ቃል ኣይተዛረበን። በተግ ኢሉ ንደገ ወጸ። ደቒቕ ከይሓለፈት ከኣ ብረት ዓሚሩ ግልብጥ በለ። ንተኽሉ ብኽሳዱ ሓኒቑ ብምስሓብ ድማ ብእግሩ እናረገጸ ንደገ ኣውጽኦ። እቶም ዝተረፉ 'ኦሮማይ ተኽሉ' በሉ።



ይቕጽል...

# ሕቶ? ጥዕና

ታደሰ ተኸለ

## ሰብከ ዕጭ ላምዶ ይሓምም'ዩ?



ሃሩር ናብ ዘለዎ ዓዲ ገይሸ ምስ ተመለስኩ፡ ኣብ መንገዲ ኣፈይ ይቖስል ከም ዘሎ ተሰሚዑኒ። እናገደደ ከይዱ ደማ መልሓሰይ ኣዝዩ ብኣቐንዛዊ ዕንፍሩራት መሊኡ። ክበልዕ እውን ኣይክእልን ነይረ። ሰበት ዕጭ ላም'ዩ ኢሎምኒ። ዕጭ ላም ንእንስሳ ከም ዝሕዝ እየ ዝፈልጥ ነይረ። ድሕሪ ሓያሎ መዓልቲ ባዕሉ እናሃደአ ከይዱ ገዲፉኒ። ከምዚ ዝዓበር ሕማም ብሕክምና እንታይ ክበሃል ይክኣል? ከመይ ከ ንክናኸኖ?

ተኽሊያ ከቢ. ደባርዋ

ከምቲ ዝበልካዮ ተኽሊያ ዕጭ ላም ኣብ እንስሳ ዝወጽእ ሕማም ኮይኑ፡ እቲ ናይ እንስሳ ኣብ ኣፍ ጥራይ ዝተወሰነ ዘይኮነስ ኣብ ሸኾና ናይቲ እንስሳ እውን እዩ ዝቖስል። ኣብ ከቢ. ኣፍካ ዝወጸ ቁስሊ ቡቲ ናይቲ እንስሳ ሕማም እንተተጸውዐ ከምቲ ኣብ እንስሳ ዝወጽእ ዓይነት ቁስሊ እዩ ማለት ኣይኮነን። ቅድሚ ሓደት ዓመታት ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዕጭ ላም ኣትዩ ብዙሓት እንስሳ ዘቤት ኣብ ዝቕተለሉ ግዜ ኣብ ብሪጣንያ እቲ ናይ እንስሳ ዕጭ ላም ዝሓዞ ሓደ ሰብ ተረኺቡ ምንባሩ ይዝከር። እዚ ግን ኣዝዩ ስሑት ኢሉ ዝተፈጥረ ተርእዮ ኮይኑ እዩ ሓሊፉ። ስለዚ ተኽሊያ እቲ ኣጋጣሚ ወጺኡ ዝበረ ናይ ኣፍ ምቝሳል ከምቲ ናይ እንስሳ ዘይኮነስ ብዙተፈልየ ኣጋጣሚታትን ጠንቅታትን ዝወጽእ ናይ ምቝሳል ኣፍ ሕማም ዓይነት እዩ ነይሩ።


እቲ ናይ ኣፍ ቁስሊ ኣብ ውሽጣዊ ምዕንርቲ ፡ ኣብ መልሓሱ ግርጻኑ ከንፈርን ትንሓግን ክወጽእ ይኽእል።

- ወሰናወሰና ነዲሩ ዝቖይሓ ሓንቲ ብጫ ቁስሊ ክትወጽእ ትኽእል። ወይ እውን ከምዚኦ ተመሳሲልቲ ሓያሎ እከብት ብሓንሳእ ክወጻ ይኽእላ። ኣብ ዝኾነ ክፋል ውሽጣዊ ኣፍ ክኣ ይወጽእ፡፡እዚ ኣቐንዛዊ ቁስሊ እዚ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ዝሓዊ ምኻኑ ይፍለጥ። ክሳዕ ዝሓዊ ኣብ ገዛ ብሸቕታ ክትጸበ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። እቲ ቃንዛ ስለ ዘቖስሎካ ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ክትረኽቦ ትኽእል ሓገዝት ሕተት። ካብቲ ክሓውየሉ ዝጸንሕ ግዜ እንተ ደንጎዩ እውን ኣቓልቦ ሓኪም ዘድልዮ ካልእ ተማዕብል ከይትሀሉ ሕክምና ከተቃርዶ ኣለካ።

- ብረሰኒ ዝወጽእ ዕንፍሩር ብዘይዳ ኣብ ከንፈር ይወጽእ። ኣብ ትንሓግ ወይ ኣብ ግርጻን ግን ዳርጋ ኣይወጽእን። ምስ ሰዓል ወይ ጉንፋዕ ተሰነዩ ክረኣ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ሰሙን ክሃድእ ከምዝኽእል ይፍለጥ፡፡እዚ እውን ኣቐንዛውን ዘቖስሰንን ብምኻኑ ካብ ሓኪም ዝርከብ ረድኤታት ክትረኽቡ ፈትን።

- ጸላዕላዕታ ኣፍ ወዑይ መግቢ ወይ ፈሳሲ ምስ ወሰድካ ወይ ብዕዳዊ ነገር ምስ ቆሰልካ ወይ ናይ ግርጻን ረኽሲ ምስ ዝሀልወካ ክስማዓካ ይኽእል። ተነቃፊ እንድሕር ኴንካ ጸላዕላዕ ዘበል መግቢ ወይ መድሃኒት እውን ከምኡ ዓይነት ስምዒት ክፈጥረልካ ይኽእል።

# ኣብ ቀረባ ምርኣይ እናጸገመኒ




ዓይነይ ካብ ርሑቕ ኣጸቢቑ እዩ ዝርኢ። ኣብ ቀረባ ዋላ እኳ ጸገም እንተዘይሃለወኒ ኣይግድድን። ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ርሕቀት ኣስታት ክልተ ከለሜትር ሓደ ዝዘንቢ ሰሎ ኣዝዩ ገዚፍ ኩይኑ ይረኣየኒ ነይሩ። ምሳይ ዝነበሩ ሰባት ነቲ ዑፍ ክርእይዎ ከለዉ ኣዝዩ ደቂቕ ኩይኑ ከም ዝተራእዮም ገሊጾምለይ። እቲ ሕማም ከምዝለኺን ሓኪም ክውከስ ከም ዝኾበአ እውን ብሓደ ቓል ሓብርምኒ። እቲ ግና ሕመማት ንሳቶም ከምዝኸኑ ገሊጾሎምኒ። ካብ ርሑቕ ኣጸሩ ዝርኢ ሰብ ከመይ ሕሙም ዓይኒ ክትብሎ ትኽእል?

ታደሰ - ከቢ. እምኒ ሓይሊ.

ዘኸበርካ ታደሰ ዓይንኻ ኣብ ርሑቕ ዝሎ ነገር ምልላይ ጥራይ ዘይኮነስ ገዚፍ ኩይኑ እዩ ዝረኣዮ ዘሎ። ኣብ ቀረባ ዝሎ ነገር እውን ኣጸሩ ከም ዘይረኣዮ ደብዳቤኻ ይገልጽ። ባዕልኻ እውን ግምት እንዶ ወሲድ እቲ ምስ ኣዕሩኽትኻ ዝረኣኻዮ ሰሎ ኣብ ኣስታት ርሕቀት ክልተ ከለሜትር እዩ ነይሩ። እቶም ካልኦት ተጸጊሞም ክርእይዎ እንክለዉ ንዓኻ ግና ገዚፉ እዩ ዝረኣየካ ነይሩ። ኣብ ቀረባ ዘለዉ ነገራት ድማ ብኣንጻሩ ጽልግልግ ወይ ወጃብርብር ይብሉካ ማለት እዩ። ስለዚ ኣብ ቀረባ ዘሎ ነገር ከተጽርር እንተዘይክኢልካ ገለ ጸገም ክህልወካ ይኽእል ማለት እዩ። ኣብ ቀረባ ዘሎ እንድሕር ነጺሩ ዘይረኣየካ ኩይኑ እቲ ምስሊ ዝሓዘ ብርሃን ኣብ ክንዲ ረቲና ዝዓልብ ድሕሪ ረቲና ይወድቕ ኣሎ ማለት እዩ። ምስሊ ኣብ ድሕሪ ረቲና ክወድቕ ዘይንብር ስለ ዝኾነ ድማ ዓይኒ ዝ. ከተማዕራርን ከተጸርን ትፍትን። ስለዚ ናብ ሓኪም ኬድካ ምስ ተመርመርካ ጠንቂ ናይቲ ዝይምዕሩይ ኩነታትካ ክሕብረካን ክትጉብሮ ዘለካ ስጉምትታት ትረኽብ ማለት እዩ።

ስለዚ ብዕድመ ዝመጸካ እንተኾይኑ፡ ካብ ወለዲ ዝወረስካዮ እንተኾይኑ ወይ ከም ሽኮርያን ካልኦት ሕማማት ገይርካ እንተኾንካ ኩታ ክትምርመር ከለኻ ክትርዳእ ትኽእል ኢኻ። ብመጸር (ኣኪያለ) ክመዓራረ ስለ ዝኽእል ብሓኪም ምስ ተራኣኻ ንዓኻ ዝምጥን ክእዘዘልካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንሸኻ እቲ ካብ ርሑቕ ናይ ምርኣይ ዘለካ ክእለት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቀረባ ናይ ምልላይ ዘለካ ጸገም እውን ክትረአ ኣለካ። ብኣጋ እንተዘይተኻናኺንካዮ ድማ እናገደደ እውን ክኸይድ ይኽእል።

# ኣጻብዕተይ እናደንዘዘ ኣሻቒሉኒ



ኣደ ቈልዑ ኩይነ 45 ዓመት ረጊጸ ኣለኹ። ኣጻብዕቲ ጸጋማይ ኢደይ ምድንዛዝ ካብ ዝጅምር ኣስታት ኣርባዕተ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። ኣብ ካልእ ኣካላተይ ዝኾነ ጸገም የብለይን። ኣጻብዕተይ ካብ ምድንዛዝ ናጻ ዝወጻሉ መዓልቲ እኳ ኣይዝከረንን። ግና ኩሉግዜ ምኻይ ስለ ዘሎ ከየስተብሃልኩሉ እውዒል እሓድር። ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢለ እንተተጓዒዘ ሓጺር ጉያ እውን እንተጎየየ እቲ ምድንዛዝ ኣጻብዕቲ ከም ዘሎ ይዝከረኒ። ሓሓሊፉ እውን ክሳዕ መጋጥም ኣዕለዋይ ኢደይ ይድንዝዘኒ። ናብ ሓኪም ምኻድ ዘድልዮ ዶ ይመስለካ?

ኢለን ማእከል ኣስመራ

ዘኸበርኪ ኢለን ምድንዛዝ ኣጻብዕቲ ናይ ብዙሕ ሕማማት ምልክት ክኸውን ይኽእል እዩ። ክሳዕ ጫፍ ኣጻብዕቲ ዝበጽሑ ነርቫታት ገለ ጸገም ምስ ዘጋጥሞም ወይ ናብቲ ዝደንዝዘ ኣካል እኹል ደም ዘይበጽሖ ሃልዩ ናይ ምድንዛዝ ስምዒት ይፈጥር።

ኣብ ደብዳቤኺ ንሓኪም ክጠቅሙ ዝኽእሉ ብርክት ዝበሉ ሓበሬታት ኣለዋ። ናብ ሓኪም ኣብትኸዱሉ ግዜ ድማ ኣዘራርባ ንገርዮ። ድሕሪ ሓጺር ጉያ፡ ድኻም ምስ ተሰመዓኪ ኢድኪ ከም ዝድንዝዘ ደብዳቤኺ የረድእ። እዚ ናይ ካልእ ሕማም ኣማኢ ክኸውን ስለ ዝኽእል ኣስተብህልሉ። ኣብ ጸጋመይቲ ኢድኪ ኣብ ዘለዋ ኣጻብዕቲ ብምኻኑን ኣብታ ካልኣይቲ ኢድኪ ዝኾነ ካልእ ስምዒት ከም ዘይብልኪ እውን ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ንምንታይ ኣብ ሓንቲ ኢድ ጥራይ እታ ኻልኣይቲ ኸ ስለምንታይ ዘይትድንዝዝ ዝብል እውን ገለ ዝጥርጠሩ ሕማማት ካብ ምርጫ ከተውጽኦም ይሕግዝ እዩ። ኣብ ገጽኪ ይኹን ኣብ ኣእዳውኪ ካልእ ከም ቁስሊ መሳሊ ምልክታት ስለ ዘይብልኪ ድማ ናብ በዓል ሞያ ኣብ ትኸዱሉ ግዜ ካልኦት ምስ ቁስሊ ቁርበት ዝመጹ ኣደንዛዚዝቲ ናይ ነርቭ ሕማማት ካብ ምርጫ ክወጹ ይሕግዙ።

ስለዚ ኢለን ናብ ሓኪም ክትከዲ ዝተገብኣሉ ግዜ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት እዩ ነይሩ። ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ናብ ሆስፒታል ክትከዲ ድማ ንመኽረኪ።

# ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

ራት ባትለር ብጥርጣረ ዝተመልአ ወተሃደር'ዩ ነይሩ። ስካርሌት ኦሃራ ድማ ካብ ደቡባዊ ክፋል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝመጸኣት ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታ ንዝተሰረሐ ገዛ ስድራቤታ፣ ካብ ዕንወት ውግእ ሓድሕድ ንምድሓን እትቃለስ ኣዝያ ወቕባቲ ጎርዞ'ያ ነይራ። እቲ ናይ ሕርሻ ቦታ ኣብ ከባቢ ኣትላንታ- ክፍለ ሃገር ጆርጅያ ዝርከብ ኮይኑ፣ ኣብ ግዜ ውግእ ሓድሕድን ድሕሪ ኩናትን ኣሜሪካ ዝበረ ፍጻሜ'ዩ።

እታ ደቡባዊት ቆንጆ ስካርሌት ኦሃራ፣ ኑቲ ብትርኢቱ ዓንተር ዝመስል ናይ ወተሃደር ገጽ ዘበሮ ራት ባትለር፣ ኣብ ሓደ ናይ ምዝንጋዕ ምሸት'ያ ተላሊዮቶ። ስካርሌት ቅድሚ ምስ ባትለር ምልላያ ኣሽሊ ዊልክስ ዝተባህለ ናይ ግዜ ቁልዕነታ ኣፍቃሪ ነይርዋ'ዩ። እንተኾነ ግን ንዕኡ ኮፍ ኣቢሉ ምስ ካልእ ጓል ኮሸምሽም ክብል ስለዝረኸበቶ፣ ኣሎታን የብላን ብጽፍዒት ጉንዲ እዝኑ ኣላዲዳ ኣብ ዝሰጎጎትሉ እዋን'ያ ንባትለር ረኺባቶ። እዚ ናይ ኢጋጥሞ ሌላኦም ከኣ ናብ ሓዳርን ምውላድ ቆልዓን ዝምርሐ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ዝምድናን'ዩ ማዕበለ። ብሕልፊ'ኳ ድሕሪ ውግእ ሓድሕድ ኣሜሪካ ደቡባውያን ኣንፈቶም ናብ ስራሕ ኣብ ዘቕንዕሉ እዋን፣ ዝምድና ስካርሌት ኦሃራን ራት ባትለርን ክሳብ ምፍልላይ ዝበጽሐ ቅርሕንቲ ኣኣንጊዱ'ዩ።

እዚ ኣብ መንጎ ስካርሌትን ባትለርን ዝማዕበለ ፍቕራዊ ዝምድና፣ ክልቲኦም ፍቑራት ትጸበ ኣብ ዘይገበሩሉ ኢጋጥሚ'ዩ ጀሚሩ። እዚ ግዜ'ዚ፣ ኣሽሊ ዊልክስ ኑቲ ምስ ስካርሌት ዝበሮ ፍቕሪ ረጥሪጡ ንኻልእ ጓል ክምርዖ ብምውሳኑ፣ ስካርሌት ኦሃራ ተቓውሞኣ ብምግላጽ ክትገንሖ እንከላ ራት ባትለር

# ጉዕዞ ደድሕሪ ንፋስ



ናይ ዓይኒ ምስክር ክኸውን ዝኸቐዓሉ ግዜ'ዩ ነይሩ። በዚ ድማ እቲ ብብዙሓት ከም እኩይ ዝተቐጽረ ራት ባትለር፣ ኑቲ ዘይንበር ባህርያት ስካርሌት ከድንቖ'ዩ ተረኺቡ። ኣሽሊ ዊልክስ፣ ብሰንኪ'ቲ ዘይእሩም ጠባዩ፣ ኣብ ቅድሚ እኩብ ሰብ ብስካርሌት ተጨልጊሙ ከይኣ'ኽሎ ብኡንብኡ'ዩ ተዋሪዱ ተሰጕጉ።

ዘኽታ

ኣብ'ቲ ዝሰዓብ ሓያሎ ዓመታት፣ ስካርሌትን ራትን ብሰንኪ ኩናት ሓድሕድ ኣብ ሂወቶም ብዙሕ ሕልኽላኻት'ዮም ኣሕሊፎም። ራት ወተሃደር ብምንባሩ፣ ብዘኪዩዶም ዝበረ መሸጣ መሻርፍን ዘይሕጋዊ ንግድን ተታሒዙ ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ማሕበስ ክዳጎን'ኳ እንተተገደደ፣ በቲ ሓደ ወገን ግን ኣኺሉ ዝተርፍ ሃብቲ ከኻዕበት ክኢሉ'ዩ። ኣብ'ዚ ራት ተሓቢሱሉ ዝበረ እዋን'ያ ድማ ስካርሌት ክልተ ግዜ ክትምርዖ ዝኸኣለት -ኢይማእምኣን ድኣ'ምበር። ኣብ ክልቲኡ ጾምዶኣ ሰብኡታ ሞይቶማ ማእምን ክትከውን'ያ ተቐሲባ። እቲ ካልኣይ ሰብኣያ ድሕሪ ምማቱ ነዊሕ ከይጸንሐ፣ ራት ድሮ ካብ ማሕበስ ወጺኡ ስለዝበረ ንስካርሌት ክትምርዖ ሓተታ። ስካርሌት ብወገና፣ ኣብ'ቲ ፈለማ ኣዕጠጥያ'ኳ እንተነበረት ኣማኺያኡስ ሕራይ ደኣ በለት።

ሓዳር ምስ ገበሩ'ውን እንተኾነ ብዙሕ ውረድ ደይብ'ዮም ኣሕሊፎም። ብተደጋጋሚ ኣብ ቋይቖ ክጽመዱ ተረኺዮም። ብድሕሪ ክፈላለዩ ወሲኖም። ኣብ መውዳእትኡ ከኣ ራት ንስካርሌት ብጌጋ ምስ'ቲ ናይ ፈለማ ኣፍቃሪኣ ዝበረ ኣሽሊ ርኺብ ጀሚራ ብዝብል ምኽንያት ስለዝጠርጠራ፣ ክልቲኦም ኣብ በበይኑ ክፍሊ ክድቅሱ ጀመሩ። እታ ህጻን ዝበረት ጓሎም ድማ ምስ ኣቦኣ ትድቅስ ነበረት። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ደሮ'ቲ ጓሉ ሐዘ ንናይ ሰለስተ ወርሒ መገሻ ዝተበገሰሉ ምሸት፣ ብስኽራን ተደፋፊኡ ከምዝፍቅራ ገሊጹላ ምንባሩ ኣይዘንጋዕን።

ካብ መገሻኡ ድሕሪ ምምላሱ፣ ስካርሌት ነፍሰጾር ምንባራ ምስ ነገረቶ፣ ስለዝተሓጨጨላ ብእንጸርጸሮት ክትሃርሞ ኢላ ወስ ክትብል ኣስሒትዋ፣ ካብ ስኮላ ወደቐት። ራት ብዘገበሮ ተጣዒሱ'ኳ እንተነበረ፣ ስካርሌት ግን በቲ ኢጋጥሚ ጥንሳ ስለዝተነጸላ፣ ክሳብ ትተርር ንራት ጠንጢናቶ ናብ'ቲ ናይ ስድራኣ ናይ ሕርሻ ቦታ ከደት። ተመሊሳ ምስ መጸኣቶ ግን፣ ራት ፈጺሙ ዝተፈልየ ሰብ ኮይኑ'ዩ ጸኒሕዋ። ንጓሎም እንተኸናኸነ ንስካርሌት ፈጺሙ ኣይተገደሰላን።

ኣማኺያኡ ሕቖኦም ዝሰበር ኩነታት ኣጋጠሞም። እታ ጓል 4 ዓመት ኮይና ዝበረት ጓሎም፣ ንሓጺር ግዜ ፈረስ ምግላብ ድሕሪ ምምሃራ፣ ፈረሳ ተወጢሓ በሪኽ ሓጺር ክትዘልል ክትብል ካብ ኮረሻኣ ወዲቓ ትንፋሳ ሓለፈት። እቲ ብድሕሪ ሞት ጓሉ ሓዳር ክቕጽል ዘይደለየ ራት ከኣ፣ ነታ ከም እተፍቅሮ ደጋጊማ ትሃግሮ ዝበረት ስካርሌት፣ "ግደ ሓቂ ንምዝራብ ፍትውተይ፣ ደገም ብሓዳር ክንቅጽል ፈጺሙ ባህጊ የብለይን" ብምባል'ዩ ኣቕቢጽዋ።

እዛ Gone with the wind ብዝብል ኣርእስቲ ዝተደርሰት መጽሓፍ ብ1939 ብመልክዕ ፊልም ድሕሪ ምቕራባ'ያ ዝያዳ ህቡብነት ረኺባ፣ ካብ እትሕተም ድሕሪ 3 ዓመት ምዃኑ እዩ። ኣቐድም ኣቢላ ግን ብ1937 ዝበለጸት ድርሰት ተባሂላ ሽልማት "ፑሊዘር" ተዓዊታ እያ። ደራሲት ናይ'ዛ መጽሓፍ ማርጋሬት ሚሸል ብወገና፣ ኣብ'ዛ መጽሓፍ ብዘርኣየቶ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኣተሃናንጻ ጠባያት፣ ብፍላይ ናይ ስካርሌት ኦሃራ ኣዝዩ ካብ ዘንኣዳ ጥበባ'ዩ።

## ዋዛ ፍቕሪ

ሰብኣያ ሰደኒ ምስ ሞተ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን፣ ቲኒ ብዙዕባ ልቦና ሰብኣያ እናኣልዓለት ንመሓዙታ ክትህድደን ጀመረት።

"ሰደኒ፣ ብዛዕባ ኩሉ ነገር እዩ ዝሓስብ ነይሩ። ቅድሚ ምማቱ 3 ዕሹጋት ፖስጣታት ኣዳልዩ 'ቲኒ፣ ኩሉ ኑዛዜይ ኣብ'ዘን 3 ፖስጣታት ገዲፈልኪ ኣለኹ። ድሕሪ ዕረፍተይ ንሰለስቲኤን ከፊትኪ፣ ልክዕ ከም'ቲ ዝኣዘዝኩኺ እንተፈጺምኪ፣ ነፍሰይ ዕረፍቲ ክትረክብ'ያ' ብምባል'ዩ ተኣቢዱ ከይዱ።" በለት ቲኒ።

"ኣብ'ተን ፖስጣታት ደኣ እንታይ'ዩ ሓዲጉልኪ?" ሓተታ መሓዛታ።

"እታ ቀዳመይቲ ጽሶጣ ዓሰርተ ሽሕ ዶላርን 'እዚ ገንዘብ'ዚ እጹብ ዝኾነ ሳንዱቕ ሬሳ ግዝእሉ' ዝብል መልእኽትን ዝሓዘት'ያ ነይራ። ስለ'ዚ ድማ ሰደኒ ብምቐት ዝዕርፈሉ ብኽቡር መንጸፍ ዝቢጸ ሳንዱቕ ሬሳ ገዚኣሉ።

እታ ካልኣይቲ ጽሶጣ ድማ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላርን 'እዚ ከኣ ሰብ ዘዘርብ ጽምብል ቀብሪ ኣዳልወሉ' ዝብል ጽሑፍን ዝሓዘት'ያ ነይራ። ከምትእዝዙ'ውን ኣነ ዝበለ ደግስ ኣዳልየ እየ ቀቢሮ ኣፋንዮ።" በለት ሕጂ'ውን እናተጃሃረት።

መሓዙታ ድማ ናብኣ ተወሪመን፣ "እታ ሳልሰይቲ'ኸ!?" ብምባል ሓተታኣ

"እታ ሳልሰይቲ፣ ሳላሳ ሽሕ ዶላርን 'እዚ'ውን ኣዝዩ ክቡር እምብረድ ንምግዛእ ተጠቐምሉ' ዝብል ጽሑፍን'ዩ ነይርዋ. . . ስለ'ዚ በዚ ገንዘብ ዝገዛእክዎ እምብረድ ከምእተደንቓልዩ ኣይጠራጠርን'የ" በለት ቲኒ፣ ኢዳ ሓፍ ኣቢላ ነታ ዝገዝኣታ ናይ ዓሰርተ ካራት ካብ ኣልማዝ ዝተሰርሐት ካትማ እናኣርኣየተን።

## ንቡርን ጸገምን ኣብ ፍቕሪ

- ኣብ ዘይከውን ግዜ ኣብ ፍቕሪ ክትወድቕ፣ ንቡር። ኣብ ዘይከውን ግዜ ምስ ዘይከውን ሰብ ብፍቕሪ ክትጽመድ፣ ጸገም።
- ብዘይርድኣካ ምኽንያት ኣፍቃሪትካ ክትርሕቐካ፣ ንቡር። ምኽንያት መርሓቒኣ ሓቲትካያ ምምላስ ክትኣቢ፣ ጸገም።
- ከተፍቅር ከምእትደሊ ክፍለጠካ ከሎ፣ ንቡር። ንምፍቃር ዓቕሚ ክትስእን ከለኻ፣ ጸገም።
- ፍቕሪ ብምድንጋጽ ክጅምር እንከሎ፣ ንቡር። ፍቕሪ ብምድንጋጽ ክቕጽል ከሎ፣ ጸገም።
- ንዘፍቅርካ ሰብ ምፍቃር፣ ንቡር። ከምዘይፍቅርካ እናፈለጥካ ብፍቕሪ ምቕጻል፣ ጸገም።
- ጽንዕ ፍቕሪ ብዘይጠቅም ስሪ ክኸስፍ ከሎ፣ ንቡር። ሓደ ኑቲ ሓደ ይቕሬታ ክሓቶ እናተጸበየ ከሎ እቲ ፍቕሪ ምስ ዝኸስፍ፣ ጸገም።
- ምስንባት ኣብ ፍቕሪ፣ ንቡር። ፍቕሪ ብዘይ ናይ ስንብታ ቃል ክፋረብ ከሎ፣ ጸገም።
- እተፍቅሮ ሰብ ክትረክብ ምጽዓር፣ ንቡር። ንእተፍቅሮ ሰብ ክትጸልእ ምጽዓር፣ ጸገም።

ነጋሲ ወልደማርያም (ነሲጋሲ)

ሪፖርታዥ

# ዒድ ኣል ኣድሓ፡ ኣብ'ታ መኣትዎ ሃይማኖታትና ዝኾነት ባጽዕ

ሪፖርታዥ


ናይ ሎሚ ዓመት ዒድ ኣልኣድሓ ኣልመብረክ፡ ኣብ'ታ ኣፍደገ ሃይማኖታትን ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ዝኾነት ከተማ ባጽዕ ብድሙቕ ሃዋህው ተኸቢሩ። ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ጽገሬዳ ወልደገርጊስ፡ ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቀጽሪ ሆቴል ረድ ሲ. ዝተገብረ ጽምብል፡ ብጉጅለ ባህሊ. ቢሻ ከምኡ'ውን ብናይ ድራር እንግዶት ዝተሰየ ዒድ ኣል ኣድሓ፡ ካብ ኣጋ ምሸት ክሳብ ከባቢ. ፍርቂ ለይቲ ዝጸንሐ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝቕመጡ ዜጋታትን ዕዱማትን ተሳቲፎሞ። ኑቲ ክብር በዓል ናይ ክልቲኦ ሃይማኖት መራሕቲ ብዛዕባ ብቕዱስ መንፈስን ከበዕልዎ ምርኣይ ድማ ንሓድነትን ሰቲትን ህዝቢ. ኤርትራ ካብ ዘጉልሑ ኣካል ናይ'ቲ ጽምብል ነይሩ።

ባሕሪ ዝኮማኮሙ ቀጽሪ ሆቴል ረድ ሲ. ቤታ ንኹሉ ሃይማኖታትና እትጠምር ክብርቲ ጥንዴራ ተኸቢቡ፡ ብሙብራህትታት ደሚቑ፡ ብሕብራዊ ትርኢት ህዝቢ. ኤርትራ ተሰሊሙ እዩ ኣብ ኣጋ ምሸት ንበዓል ዒድ ኣድሓ ኣሃዱ ኢሉ ፈሊሙ። ዘይነብ በሽር፡ ወዲ ሻውሹ፡ ፈሽን ጴጋይን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ወናማት ደምጻውያንን ዝርከብዎም ጉጅለ ባህሊ. ቢሻ፡ ኑቲ ጽምብል - ብዘተፈላለየ ባህላዊ ዜማታት ብሄራትን ዘመናዊ ዜማታትን ደርፍታት ኣድሚቑሞ ከምስዩ ከለው፡ ተሳተፍቲ ድማ መግለጺ. ሓጎሶምን ወናምን ክስዕስዑን ክዘናግዑን ኣምሲዮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ንወማዊ መኸፈቲ መደረ ዘስመዐ ኣማሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ኪዳነ ወልደሰላሰ ንኹሉ ህዝቢ. ኤርትራ ብፍላይ ድማ ንኣመንቲ ምስልምና "... እንቋዕ ናብዚ. ዕለተ ዒድ ኣልኣድሓ ኣብጽሓኩም. . ." ብምባል ሰናይ ምንዮቱ ድሕሪ ምግላጹ፡ ዒድ ኣል ኣድሓ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሃይማኖታውያን በዓላት ከም ዝኾነ፡ ምስልምናን ክርስትናን ብዘይ ኣፈላላይ ብሓባር ክጽንብልዎ ከም ዝጸንሑ፡ እዚ. ድማ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዘይርከብ ጭዋ ባህሊ. ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምኡ'ውን መግለጺ. ሓድነት፡ ፍቕሪ፡ ሰቲት፡ ምኽባር፡ ምትሕልላይን ምድግጋፍን ዝሕላገዩ ሃብታም ባህሊ. ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

". . .ኣብ'ቲ ዲቕ ዝበለ ማስፍንቱት ከይተረፈ. ሓርበኛታት ኣበዎት ብሓባር ስጋ ሓሪዶም ብምብላዕ ኣሰላማይ ክስታናይ ከይበሉ ከይጠላለሙ ምሒሎምን ቃል ኣትዮም፡ ኣንጻር መግዛእቲ ክምክቱ ሓድነቶም ብምትራር ክቃለሱ ዘኽኣሉም እዩ። ዚያዳ ድማ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ. ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዓሚቑን ደልዲሉን ኩሉ ኣፈላላይ ናይ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ቀቢሉ፡ ኣውራጃ. . . ተወጊዱ ህዝቢ. ኤርትራ ሓድነቱ ኣትሪሩ ቃልሱ ከዐውት ኣኽኢሉዎ. . ." ዝበለ ኣማሓዳሪ ከተማ ባጽዑ ከተማ ምጽዋዕ ድሕሪ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ፡ ባብ ናይ ኩሉቶም እምነታት ህዝብና፡ ማእከል ስልጣኔን ምዕባለን ኣፍሪቃ፡ ማእከል ታሪኻውን ጥንታውን ቅርስታት ኣህጉርና ማስሕብ ቱሪዝማዊ ንጥፈታት ብምኻና፡ ዒድ ኣልኣድሓ ኣብ ባጽዕ ክበዓል ምውሳኑ ፍሉይ ምርጫ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ንታሪኻውነት ከተማ ባጽዕ እንኪብርህ ድማ፡ ኣስታት 1120 ዓመታት ዝገበረ መስጊድ ሻፍዒ፡ ኣብ መበል 16 ዘመን ዝተሃንጸ መስጊድ ሸኽ ሓማል፡ ካብ መበል 19 ዘመን ኣትሒዙ ኣብ እምባረሚ ዝጸንሐን 'ዚያራ' (ቱሪዝማዊ ምብጻሕ) ዝግበረሉን መቓብር ሸኽ መሓመድ ቢን ዓሊ. ቢን፡ ካብ 1557-1865 ብዙርካውያን ዝተሃንጹ ታሪኻዊ ህንጻታት ኮራል፡ ካብ 1865-1886 ብግብጻውያን ዝተሃንጹ ታሪኻዊ ህንጻታት ኮራል ገለ ካብቶም ንጥንታውነት ናይ'ቲ ዞባ ዘጉልሑ ኣብነታት ምዃኖም ገሊጹ። ኣስዒቡ እውን ኣቶ ኪዳነ "እዚ. ኣብ ዝኾነት ሃገር ዘይርከብ ፍሉይ ክብርታትና ብግቡእ ክንዕቅብን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክነሰጋግርን ብፍላይ ድማ ከም ተሰኪምቲ ሕድሪን ወረስትን፡ ኣስር ኣቦታትናን ኢያታትናን ብምኽታል ነታ ብኸቢድ ጻዕርን መስዋእትን ዝመጸኣት ሃገር ኣብ ምዕቃብ ክትጥፉ ኣዘኻኺሩ። ኩሎም ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ወለድን ክብርታትና ናብ ደቅና ክሰጋገር ክንጽዕር ይግባእ" ድሕሪ ምባል ኣብ መወዳእታ ናይ ሎምን ዘበን ናይ ሃገርና ሰናይ ክረምት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝስዕብ ክረምት ባሕሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ህጡር ክኸውን ብምምናይ፡ ዘድሊ. ምድላዋት ተገይሩ ህዝቢ. ብግቡእ ንኽጥቀመሉ ኣተሓሳሰበ። ንኹሎም'ቶም ኣብ ምድላውን ምድማቕን እቲ ክብር በዓል ዝጸዓርዩ ድማ ኣመስጊኑ።



ቅድሚ 400 ዓመት ከምዝተሰርሐት ዝንገረላ መስጊድ ሸኽ ሓማል






ባጽዕ ኣብ'ቲ ሰለስተ ኣርባዕተ መዓልታት ናይ ዒድ ዝናብ ዝዘረመ ክኸውን ከሎ፡ ዒድ ኣል ኣድሓ ድማ ደሃይ ክረምቲ ዘበስር ሰሐው ደመናታት ዝኸለበ ቆላዊት ከተማ ምስ ብምቹእ ኩነታት ኣየር ተሰንዩ ተሰፋ ክረምት ተረእዩዎ። ብባህላውን ዘመናውን መዚቃታት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ዓፋር ኑቲ በዓል ኣብ ምድማቕ ዘምሰዩት ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ ኑበሲ. ወከፍ ደርፌ ሽሽ ክበሉ ዘምሰዩ ተሳተፍቲ በዓልን እዋን ከይተረደኦም ፍርቂ ለይቲ ተፈላልዮም።

የኑስ ዑመር
ጥዑምዝጊ. ተስፋይ

ሪፖርታዥ

# “ትምህርቲ፡ ብናይ ህዝቢ ወፈራ ዝካየድ መስርሕ’ዩ” ሚኒስተር ሰመረ

የማን ሃይለ

“ትምህርቲ ንኹሉ” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ብሉጽ ትምህርቲ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብማዕረ ከምዝረኽቦ ንምግባር ንዝተኻየደ ጻዕሪ ዝገምግመ ሃገራዊ ዋዕላ ብ2ን 3ን ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ከረን ተጋቢኡ ቀንዩ።

ኣብዚ ኣመሓደርቲ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ኣካየድቲ ስራሕ፡ ሓለፍቲ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ መማህራንን ርእሰ-መማህራንን ዝተጋበኡሉ ዋዕላ’ዚ፡ ፈለማ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ናይ ዝነበረ ትምህርታዊ ጉዕዞ መጽናዕታዊ ጸብጻብ እዩ ቀሪቡ። እዚ ብሓላፊ ጨንፈር መጽናዕትን ስታቲስቲክስን ኣቶ ሃይሉ ኣስፍሃ ዝቐረበ ሰነድ ትምህርትን፡ ኣብ ሃገርና ትምህርታዊ መስርሕ፡ ፖሊሲ፡ ስትራተጅን ኩነታትን ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት እንታይ ከምዝመስል ብኩሉ ሸነኻቱ ዝዳህሰሰ፡ ኣዝዩ ዝርዝራዊ እዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ዝበዝሐ ክፋል ናይቲ ዋዕላ ነዚ ብመልክዕ ሰነድ ዝቐረበ ጸብጻብ ትምህርታዊ ገስጋስ ምስማዕ እዩ ነይሩ። እቲ ጸብጻብ፡ ሃገርና ኣብ ትምህርታዊ ጉዕዞ፡ እንተላይ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣመዝጊቡቶ ዘላ ዓወት ዓበን ንኣልኦት ኣብኡትን ምኳኑ ከፍልጥ እንከሎ፡ ብዙሕ ዝተርፈና ከምዘሎ ከኣ ዘሾኻክር ነይሩ።

ብድሕሪ’ዚ፡ እቶም ልዕሊ 350 ዝኾኑ ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ኣብ ሸዱሽተ ጉጅለታት ተመቓቒሎም፡ ትምህርትን ክንክንን ቈልዑ፡ ኣድማሳዊ መሰረታዊ ትምህርቲ፡ ናይ ምሉእ ዕድመ ትምህርቲ ንቘልዑን ዓበይትን፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ጾታዊ መዓርነት ኣብ ትምህርቲ፡ ዓይነታዊ ትምህርቲ ኣብ ዝብሉ ኣርእስታት ኻቶም ብምውሳድ፡ ሰፊሕ ዘተ ኣካዪዶም። ውጽኢት ዘተኦም ድማ ብቤተራ ንቲ ዋዕላ ኣቕሪቦምለ። ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝቐረበ ሰነድ ክምላእ፡ ክእረም፡ ወይ’ውን ክስረዝ ኣለዎ ዝበልዎ ነጥብታት ከኣ ዘርዚሮም።

ቀጺሉ፡ ንርእይቶታት ናይ ተጋባእትን ጉጅለታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ መጻኢ ኣንፈት ትምህርቲ ኣብ ሃገርና እንታይ ክመስል ከምዝለዎ ሓርፋፍ ውጥን ዘቕረበ ሓላፊ ጨንፈር መጽናዕትን ስታቲስቲክስን ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እውን ዋዕለኛታት ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ክትዓት ኣካዪዶምን ዓመቕቲ ርእይቶታት ኣፍሲሶምን።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ብዘዕባ ናይ መዕጸዊ ሓሳባት ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ገምጋም 10 ዓመታት ሃገራዊ ዋዕላ ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ተዛዚሙ። ሚኒስተር ሰመረ ኣብ ቃሉ፡ “ትምህርቲ ብሓደ ትካል ወይ ኣሃዱ ዝሰላሰል ዕማም ዘይኮነ፡ ብመሰረቱ ብናይ ህዝቢ ወፈራ ዝካየድ መስርሕ’ዩ” ኢሉ።


ሚኒስተር ሰመረ ኣቐዲሙ ኣብ ዘሰምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል ድማ፡ “ትምህርቲ ንኹሉ ዝብል ኣምር” ኣመጻጽኡን ኣመዓብልኡን በኸምዚ ዝስዕብ ተረኺዎ።

*“ሓደ ዓመት ቅድሚ ናጽነትና፡ ኣብ 1990፡ ብዩኔስኮ ዝተመርሐ ዋዕላ ኣብ ጆምትየን (ታይላንድ) ተጋቢኡ ነይሩ። መራሕቲ ሃገራት ከኣ ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ዝብል ቴማ ብምልዓል፡ ምንቅስቓስ ኣበጊሶም። ኣብቲ ዋዕላ’ቲ ካብ 1990 ክሳብ 2000 ዝትግበሩ ሸዱሽተ ሸቶታት ብምሕንጻጽ ንትግበርኦም መብጽዓ ኣትዮም። ድሕሪ 10 ዓመታት፡ ትግበረ ናይቶም ሸቶታት ንምግምጋም መራሕቲ ሃገራት ኣብ ዳካር (ሴኔጋል) ዳግማይ ተጋቢኦም። ኣብቲ ዋዕላ’ ኣብ ገስጋስ ትምህርቲ ዓበይቲ ዓወታት ከምዝተረኽቡ’ኳ እንተተረጋገጸ፡ እቲ መብጽዓ ምሉእ ብምሉእ ከምዘይተተግበረን ዓበይቲ ግድላት ተረፎም ከምዝለዉን ተገምጊሙ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣቶም ሸቶታት ብምኽላስን ብምንጻርን ካብ 2000 ክሳብ 2015 ኣብ 15 ዓመታት ዝትግበሩ ሸዱሽተ ሸቶታት ብምውጻእን ናይ ትግባረ መደባት መርሓ ጎደና ብምሕንጻጽን ዳግማይ መብጽዓ ተኣትዩ።*

*ኤርትራ፡ እዚ ናይ ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ምንቅስቓስ ክጅመር እንከሎ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እያ ነይራ። ድሕሪ ናጽነት ግን ከም ኣካል ማሕበረሰብ ዓለም ኣብዚ ምንቅስቓስ ብምጽንባር ንዝሓለፉ 20 ዓመታት ሓያል ጻዕሪ ብምኻያድ ኣብ ገስጋስ ትምህርቲ ዓቢ ውጽኢት ኣመዝጊባ። ብውህደት ውሽጣዊ ዓቕምን ተሳታፍነት ኩሎም መሻርኽትን ክንገጥሞም ዘለናን ንመጻኢ ክትግበሩ ዝጸበዩናን ሓያለ ብድሆታት ከምዘለዉ ግን ከዘኻኽር እፈቱ።*

*ኤርትራ፡ ከም ሃገር ኣብዚ ምንቅስቓስ “ትምህርቲ ንኹሉ ድሕሪ ምጽንባራ፡ ዘካየደቶ ስራሕ ንምግምጋም ኣብ 2000 ሃገራዊ ዋዕላ ተኻዪዱ ነይሩ። ኖቲ ካብ 1991 ክሳብ 2000 ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ንምዕዋት ዘካየድናዮ ጻዕሪ ብምግምጋም ድማ ኣብቲ ብደረጃ ዓለም ኣብ ዳካር ኣብ 2000 ዝተኻየደ ዋዕላ ብምስታፍ ኣቕሪብናዮ። እዚ ገምጋም’ዚ ዘጨበጥናዮም ዓወታትን ዘለዉና ብድሆታትን ዘጸረ ስለዝነበረ ስጉምና ንምቕልጣፍ ሓጊዙ ነይሩ።”*





እዚ ሕጂ ብሰፊሕ ተሳታፍነት ኣካላት መንግስትን ትካላት ትምህርትን ዘጋበአ ዋዕላ፡ ኖቲ ኩለን ሃገራት ናይ 10 ዓመታት ገምጋመን ከቕርባ ብደረጃ ዓለም ዝወጸ መደብ ንምትግባር ቡቲ ሓደ ወገን፡ ከም ሃገር ዘመዝገብናዮ ውጽኢትን ዝነበረና ድኻማትን ንምምዛን ድማ ቡቲ ካልኣይ ሸነኽ ዝዓለመ ምዃኑ ዝገለጸ ሚኒስተር ሰመረ፡ “ ብመንጽር ዕድሚና ከም ናጻ ሃገር፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ትምህርቲ ንምርግጋጽን ብዓይነት ንምምሕያሽን ዘካየድናዮ ጻዕርን ዝጨበጥናዮ ዓወትን መዳርግቲ የብሉን” ኢሉ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኑቶም ዝወጹ መደባት ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ንምትግባር ኣብ ውሽጢ’ቲ ጽላታዊ ስትራተጅያዊ ውጥናት ከምዝሕቆፉ ገይሩ ክሰርሓሉ ምጽንሑ ብምሕባር ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ መደባት ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ንምትግባር መቓን ትግባረ ‘ትምህርቲ ንኹሉ’ ብምድላው ኣብ ሸዱሽተ ሸቶታት ዝትግበሩ ዒላማታትን መለክዒታትን ብምውጻእ ናይ መተግበሪኦም ስትራተጂታት ከምእተሓንጸጹ ኣፍሊጡ። ከም መርኣይኡ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውሁድ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ውጥን ተዳልዩ ንትግባረ ከምእተቐረበን ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ጽላት ትምህርቲ ስትራተጅያዊ ንድፊ ከምእተሓንጸጸን ድማ ኣነጺሩ።

ሚኒስተር ሰመረ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብዞም ኩብ ኢሎም ዝተገልጹ ስትራተጅያውያን ውጥናት መሰረት ብምግባር ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ዝተተግበሩ ዝተፈላለዩ መደባት ድሕሪ ምዝርዛር፡ “እቲ ድሮ ተሓሊፉ ዘሎ ዓወታት ዘኪይት’ኳ እንተኾነ፡ ገና ዘየዛንዩ ብድሆታት ከምዘለዉና ግን ክስሓት የብሉን” ኢሉ። “ኩሉ ዓቕምና ብምኽታት ንዝመጽእ 15 ዓመታት ዝወጹ መደባት ብኣድማዕነት ክንትግብርን ኩሎም ህጻናት ኣብ ትምህርቲ ክህልዉን ክቕጽሉን፡ እቲ ዝድለ ፍልጠት ደሊቦም ኣብ ምዕባለ ሃገሮም መሪሕ ኮይኖም ዝውፈዩ ዜጋታት ክኾኑ፡ ርጉጻትን ውሁዳትን ውጥናት ተሊምና ክንሰርሕ ይግባእ” ኩብል ከኣ ቃሉ ዓጽዩ።






# ሎምስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ!

ሓደ ሰንከል ሓውና፡ ካብ ባረንቱ ናብ ኣስመራ ልክዕ ሰዓት 12.30 - ቀትሪ በጺሑ፡፡ ኣብቲ ህሞት'ቲ ዝዋሪ መኪና 'ኣውርደኒ' ክብል ተወኪሱ፡፡ ሽዑ፡ ሓደ ካብ ተሳፈርቲ ሓጊዝሉ ተማሲሉ ምስኡ ወሪዱ፡፡ ኣውቶቡስ ምስ ተንቀሳቐሰት ግን፡ ብኽሱዱ ሓሪቑ ጆባኡ ብምፍታሽ ሰባት እናርኣይዎ ሞባይልን ገለ ምስኡ ዝጸንሐ ገንዘብን ወሲዱ ተዓዚሩ፡፡ ኣብ መንጽሩ ዝበረት ሰበይቲ እቲ ሰንከል ንኽሕገዞ'ኳ እንተ ኣእወየት ከም'ዛ ሓንቲ ነገር ዘይተፈጸመ ዝገደሰላ ኣይረኸበትን፡፡

እቲ ፍጻመ ከም ሓደ ተራ ጉዳይ ተራእዩ፡ ሰራቒ ኣብ ጁባ ሰንከል ንዝረኸቦ ገንዘብን ንብረትን ሒዙ ህድማኡ ቐጺሉ፡፡ እቲ ሰንከል ክንቀሳቐስ ስለ ዘይክእል ዋላ ሓንቲ ክዥብሮ ከምዝይከኣለ ደማ ምስ ተወከስኩዎ ሓቢሩኒ፡፡

ኑቶም ዝሓለፉ ዝበኩ ሰባት ስለ ምንታይ ከምዝይሓገዝዎን ኑቲ ሰራቒ ዘይሓዝዎን ምስ ሓተቶም ደማ፡ ኣብ ዘይተደልየ ሽግር ክንኣቱን "ናብ እንዳ ፖሊስን ቤት ፍርድን ምምልላስ ጸለእናዮ" ክብሉ ከም ዝመለሱሉ ኣረዲኡ፡፡

እምበኣር፡ ዝዓበናሉ ክብርታት ዘይሕሉ ሕሰር ሰብ ወይ ሰራቒ ከጋጥም ወይ ክጻበኣ ባህርያዊ ተርእዮ'ኳ እንተኾነ፡ ከምዚ ዓይነት ገበን እናተፈጸመ ኢድካ ኣጣሚርካ ምርኣይ ከኣ ብማዕረኡ ነውሪ እዩ፡፡

ብቖትሩ ኣብ ቅድሚ ሰባት ገበን እናተፈጸመ ትም ኢልና ንዕዙብ እንተ ድኣ ኮይንና፡ ገበነኛታት ዝደልይዎ ንኽፍጽሙ ኑተባቡዕ ኣሎና ማለት እዩ፡፡ ጸረ ሕግን ክብርታትን ተግባራት እናተፈጸመ ኣስቂጥካ ምርኣይ የሕትት'ውን እዩ፡፡ ጸባሕ ደማ ናባና መጺኦም ትካላትናን ገዛውትናን ክዘምቱ ምኻኖም ኣይተሰወጠናን፡፡ ካብ ገበንን ገበነኛታትን ዝሕልወና ሕግን ስርዓትን ምስ ዘይኸብር ደማ ሕጊ ጫካ'ዩ ክገዝኣና፡፡ ስለዚ ንኽብርታት ሕብረተሰብና ዝጻረር ተግባራት ብትሪ ክንምክቶ ይግባእ፡፡

መሓመድ ኑር ያሕያ - ሚ/ሪ ዜና

# ሕጂ'ውን ሊኬቶ ክግበረለን ኣለዎ

ኣብ ናይ 17 ሓምለ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ "ሰኣን ሊኬቶ ምግባር!" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዓምዲ ደብዳቤታት ሓደ ርእይቶ ተኣንጊዱ ምንባሩ ይዝከር፡፡ ዝተኣቕፈ ኣካል ዛጊት ስጉምቲ ከይወሰደ ናብ ሰለስተ ወርሒ ምምምጋሙ ድማ ከየተሓሳሰበ ኣይተረፈን፡፡ ሊኬቶ ዋጋ ክንደይ ስለዘኾነ እዩ ከይተገጠመለን ክንደዚ ግዜ ክወስድ ክኢሉ? ወዲ ሓጎስ እዘን ናብ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝወስድ ከባቢ ዝርከባ ዘለዋ ክልተ ባኒካታት ናይ መኽደኒ ጽገም ከምዝለወን፡ ዘርከበ ዝድርገመን ብምኻኑ ኣብ ጥዕና ይኹን ሂወት ሓደጋ ከየስዕባ እዩ ስክፍታኡ ገሊጹ፡፡

እታ ሓንቲ ዕጽውቲ ኮይና ሊኬቶ ግን የብላን፡፡ እታ ክልተ ኣፍ ዘለዋ ዓባይ ባኒካ ከኣ ክልቲኡ ህ ኢሉ እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ ጥቓ እታ ዝኣሰት ባኒካ ቀልቀል ዝወጹ፣ ሽንቲ ዝሸኑ መንእሰያትን ህጻናትን ናይቲ ከባቢ እየም፡፡ ኑቲ ቀልቀልን ሽንትን መሊኡ ዘሎ ቦታ ከኣ ሃመማ ብቑጻሊ ክየልብዎን ክየስልዎን ምስ ተራእዩ እየም፡፡ ኢቶም ዕርቃኖም ብምውጻእ ገና ኣብቲ ናይ ምሕንባስ ተግባራት ዘይተቐጠቡ ዘለዉ ድማ ካብዞም ነብርቲ ዝሓለፍ ኣይኮነን፡፡ ንሰን መሐለውታ ኮይነን ብምጽናሕ ንኣብ ጸጸራት፣ ፎርቶ፣ ሕክምና ንዝርከቡ ማይ እየን ዘከፋፍላ፡፡

ካብኡ እናንፈሩ ናብተን ባኒካታት ዝዘንብዩ ባልዓት ከም ሃመማ መሳሊ መሊኦም ብምኻኖም ጠንቂ ምብካል ማይን ምምሕልላፍ ሕማማትን ከይኮኑ ስግኣት ኣሎኒ፡፡ ደሮናን ሓመድን ብቐጻሊ ዝኣትዎ ምስ ምኻኑ መፋረዪ ጣንጡ፣ ካልእ ባልዓት፣ ጀርምታትን ባክተርያታትን ከይኮውን በዚ ድማ እቲ ኣብዘን ባኒካታት ተኸዚኑ ዘሎ ማይ ጽሬቱን ጥዕናኡን ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ግድን እዩ፡፡ እዘን ክልተ ባኒካታት ዋርድያ ከምዘለወን ኑቶም ዘይእሩም ተግባራት ዝፍጽሙ ዓገብ ክብልዎም መሬት ከምዘየርብዎም፣ ኢቶም መንእሰያት ከኣ ብተደጋጋሚ ብኣእማን 'ሁር' ክብልዎም ተዓዚበ ኣሎኹ፡፡ ክሳብ መዓስ ግን ብኸምዚ ክረባረቡ? ብሓቂ እምበኣር ጉዳይ ናይዘን ባኒካታት ክፍወስ እንተኾይኑ እቲ ብሓላፍነት ዘመሓድረን ኣካል ሊኬቶ ክሰጥቐን ኣለዎ፡፡ ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ዝኣክል ሊኬቶ ብዘይምግባሩ ካብ ነቐፌታ ሓራ ዝኸውን ኣይኮነን፡፡ ሕጂ እውን ማይ ስለዘይሓለፍ ንኽልቲኤን ባኒካታት ድልዱል ዘለዎም ሊኬቶታት ከዕጥቐን እምሕጸን፡፡

ኣሚር ዑስማን



# ምስጋና ኣቕርቡለይ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን "ግርምባ ኣጋሕሚጥካስ ሽትት!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ሓደ ነቐፌታ ቀሪቡ ነይሩ፡፡ ባር ቱኤል ኣብ እትርከበሉ ህንጻ ኣብ ርእሲ ርእሲ ተደርዲሩ ዝነበረ ኣእማን ኣብ ልዕሊ ሰብ ጉድኣት ከየውረደ እንከሎ ዝምልከቶ ኣካል ከልዕሎ ዘየተዓርር እዩ ነይሩ፡፡ መዓስ እዩ ብዘየገድስ እቲ ኑበስ ሰጋ ሰባት ዝቕንጥጥ ዝነበረ ኣእማን ተላዒሉ ጸኒሑኒ፡፡ ኣነ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ህንጻ ኢንተርነት ክጥቀሙ ብቐጻሊ ዝመላለሱ እየ፡፡ ኣዝየ እናተሸቑረርኩ ድማ እየ በቲ መሳልል ዝድየቡ ዝወርድ ነይረ፡፡ መን ከም ዘልዓሎ ከረጋግጽ እኳ እንተዘይከኣልኩ ካብ ተሸቁረርና ምድያብን ምውራድን ገላጊሉና እዩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ እምበኣር ንስለ'ቲ ንዘቕረበሉ ርእይቶ ክብሪ ሂቡ ቅልጡፍ ምላሽ ብምሃቡ ኑቲ ዘይፈለጥኩዎ ዘለኹ ትካል ምስጋና ከቕርበሉ ምፈተኹ፡፡

ትርሓስ በረኸት - ኣስመራ

# ብብሓደ . . . ወሓደ ከይኮኑ

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ንኣሰማት ጎደና ዝምልከት ጽሑፍ ብመልኣክ ኣሕፈሮም ዝቐረበ ጽሑፍ ኣንቢበ፡፡ ኣነ ብወገነይ እውን ገለ ክብል፡፡ ኣስማት ጎደናታትና ሓንጎል፣ ግዜ፣ ገንዘብ ከምዝፈሰሶም ዘኮትዕ የብሉን፡፡ ስለዝኾነ ዕምሪ ክህልዎም ትምኒት ናይ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ እዩ፡፡ እዙም ለገቦም ዘለዉ ኣስማት ጎደናታት ንዕዘቦም ከምዝሎና ብዚንነ ዝተሰርሑ ይኹኑ ደኣ እምበር ብሩሃትን ብቖትሪ ይኹን ለይቲ ንኸተንብቦም ዘጸግሙ እዮም፡፡ ንብርኑቶም ብማርሞ ክስርሑ ነይሩምም ዝብል ርእይቶ ዘቐልቅሉ ውሑዳት ኣይኮኑን፡፡

ኣብ ገፋሕትን ጸቡባትን ጎደናታት ለገቦም ዝርከቡ ግቡእ ቦታኦም ሒዞም ኣለዉ ዶ? ንዝብል ሕቶ እቲ መልሲ "ኣይፋሉን" እዩ፡፡ ተለቒቖም ካብ ግቡእ ቦታኦም ዝተኣልዩ ኣበይ ከጠብዎም ኣለዉ ዘይፍለጡ ቀጺርካ ዝውድኦ ኣይኮኑን፡፡ ከምዚ ኣብ ስእሊ ትርእይዎ ዘሎኹም ናይ መን እዩ ኣጻጊዑዎ ኣብ ሬት ዝተሸኩዐ ስም ጎደና የጋጥመካ እዩ፡፡ መን እዩ ገይሩዎ? ኢቶም ናይ ምልጋብ ዕማም ዝተዋህቦም ወይስ ውዲቑ ምስ ጸንሖም ገለ ሓላፍነታውያን ዝወሰድዎ ስጉምቲ?



ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ትራፊክ ናብ ጎደና ቤይሩት እተጥዊ መስኮት ሓንቲ ስም ጎደና ኣብ ውሽጣ ተኸቲታ ኣላ፡፡ ወዲቓ ምስ ጸንሓቶም እያም ኣብኡ ከእትውዋ መሪጾም ዝኾኑ ዝብል ግምት ኣሎኒ፡፡ የግዳስ ተገምጢላ ብዙባና ኢያ ኣብቲ መስኮት ተሸኩዓ ትርኣ ዘላ! መን እዩ ዝከታተሎ ዚ ጉዳይ? ኣብ ማእከል ሹቕ ናብ እንዳ ማርያም ዝወስድ ብጎደና ዓዲቐይሕ ዝተሰየመ ጎደና ኣሎ፡፡ ኣብዚ ጎደና ዝርከብ ሰሌዳ ናይ ጎደና መብዝሕትኡን ተለቒቖን ዝኣተዋኣ ዝፍለጥ የለን፡፡ ክሳብ 7 ዝኾና ፍጹም የለዋን፡፡ ክሳብ ክንደዚ ኣስማት ጎደናታት በዘከበኡ እንተተኻቒሉ ኣስማት ጎደናታትና በብሓደ ውሒደ ከይከውን የሻቕለኒ፡፡ እሞ ኸ ደኣ መን እዩ ዚ ጉዳይ ዝርእዮ? ህልው ቁጽሪ ናይ ኣስማት ጎደናታት ክንደይ ምህላዉ ተቖጻጺሩ ዝኸይድ ኣሎ ክንብል ንኽእል ዶ? ኣስማት ጎደናታትና እምበኣር ዝቆጻጸርን ዝከታተልን ኣካል የድልዮ ስለዘሎ ዝምልከቶ ኩሉ ሓላፍነቱ ክስከም እዘኻኽር፡፡

ረሺድ ሐመድ
ኣስመራ

# ንምንታይ ጥቓ ጅራ ፈዮሪ?

ኣብ ከተማ ከረን ምዱብ መዋፈሪ ኣውቶቡስ እናሃለወ ህዝቢ ዘገልግላ ኣውቶቡሳት ኣብዚ ተመዲቡ ዘሎ መዋፈሪ ኣብ ክንዲ ደው ዝብላ ኣብ ማእከል ከተማ ኣብ ዝርከብ መውጽኢታ መገዲ ኢጋር ዘሎ ጽርግያ ናይቲ ጅራፈዮሪ ጠጠው ክብላ ይረኣያ ኣለዋ፡፡ ሕሉፍ ሓሊፈን ሰታዮታት ኣብ ንኣሽቱ መጉበቲ ናይ ሓመድ ጽርግያ ጥቓ ጅራ ፈዮሪ ደው ብምባል ተሳፈርተን የውርዳ፡፡ ነታ ናይ ማርቻቤዲ ጽርግያ ካብ ምውፋር ምስ ጅራ ፈዮሪ ተራኺብ ብኽልቲኡ መኣዝና ዓበይቲ መኻይን ጠጠው ይብላ ስለዘለዋ ንኻልኦት ተሽከርከርቲ ብማእከለን ክሓልፋ ኣዝዩ የሸግረን ኣሎ፡፡ እታ ዝተረፈት ጸባብ መንገዲ ብመኻይን ብሽክሌታታት በዓል 3 እግረን ዓረብያታት፣ ካሮሳታትን ኢጋርን ዓቕላ ጸቢብዋ ትርከብ፡፡ እዚ ከኣ ወዲኡ ሓዲር ሓደጋ ከምዘውርድ ንምግማቱ ኣየጸግምን፡፡

በዘን ክንድዝን እምበኣር መራሕቲ መኻይን፣ ሰብ ኣውቶቡስ ኣብቲ ተመዲቡሎም ዘሎ ናይ መዋፈሪ ቦታ መኻይኖም ደው ክብሉ ጨንፈር መጎዓዝያ ናይቲ ዞባ ብቐንዱ እቲ ቤት ጽሕፈት ከፊቱ ዝርከብ ክፍሊ ምውፋር ናይቲ ከተማ ኣብ ዝተመደበሎም መዋፈሪ ደው ከምዝብልወን ክገብሩ ኣለዎም፡፡

ስመይን ኣድራሻይን ንዓኹም - ካብ ከረን




# እቲ ዓይነ-ስውር

ደራሲት፡ ኬት ቾፕኪን
ትርጉም፡ ኣማረ ወልደስላሰ

ኣብ ሓንቲ ኢዱ ቀዩሕ ዝሕብራ ንኡሽተይ ሳንዱቕ ዝተሰከመ ሰብኣይ ብህድኣት ኣብ ሓደ ጉደና ክዞዋወር ተራእየ። ብስሌን እተሰርሐት ቁብዑን ዝወደየ ክዳኑን ንዘናብን ጸሓይን ተቓሊዑን ከም ዝቖነየ ብዝመልክት መገዲ ፈሲመን ነበራ።

ንሱ፡ መንእሰይ ኣይኮነን። ዝሸምገለ ተባሂሉ ምስኡ'ዉን ዕድመ ዝጸገበ ዕድለኛታት'ውን ኣይምተመደበን። ክንዲ ዝኾኑ ኣብ ትርኢቱ ዝርአ ድኽመት ሕማቕ ናብራ ዘስዓቦ እምበር ምድፋእ ዕድመ ዘኸተሎ ከም ዘይኮነ ይግመት'ዩ።

ሓደ መዓልቲ፡ ብሆሮርማ ጸሓይ፡ ቡቲ'ማይ ዝመዓገ ዝመስል ካርታመ ዝጸገበ ጽርግያ ኣብ ምዝውዋር ነበረ። ብመሰረቱ ብኣንጻር እቲ ዝቦዓዘሉ ጽርግያ ዝፍተ ኣእዋም ደብሪንገርኣን ዘውደቓሉን ብዙሓት ሰባት ዝቦዓዝሉን መገዲ ኒዩሩ'ዩ። ንሱ ግን ይዋእ'ዩ ቡቲ ንጹሓይ ዝተቓልዐ መገዲ ዝተጓዕዘ ፈለማ ዓይነ-ስውር፡ ካልኣይ ከኣ በዛም ስለ ዝኾነ'ዩ።

ኣብታ ንሱ ዝተሰከማ ቀያሕን ንኡሽቶይን ሳጹን ዝተፈላለየ ርሳሳት ነበራ። ኣብ ኢዱ በትሪ ኣይሓዘን። ይኹን እምበር ኣብ ጉዕዞኡ ጸገም ኣየጓነፎን። ኣብቲ ጽርግያ ንዝተሃጽረ መደንደል ተጠንቂቑ እናረገጸ ካብን ናብን ተዘዋወረ። መደያይቦ ዘለዎ ቤት እንተ ረኺቡ፡ እናፈቐደ ንላዕሊ ይድይብ። ኣብ ላዕሊ ምስ በጽሐ ነቲ ኣብቲ ጥቓ ዝዒፍ ማዕጾ ዝርከብ ደወል ሃሰስ እናበለ ይደልዮ።

ይኹን እምበር፡ እንሓንሳብ ድሕሪ ክንደይ ጻዕሪ ነቲ ማዕጾ ረኺቡ ነቲ ደወል ፈቲሹ እንተሰኣኑዎ ብትዕግስቲ ወሪዱ መገዱ ይቕጽል። ካልእ እዋን ከኣ ካልእ ጸገም የጓንፎ። ንሱ ኣብቲ ዝደለ ቤት ድሕሪ ክንደይ ጻዕሪ ይድይብ። ነቲ ደወል'ውን ይረኽቦ። ዋናታቱ ስለ ዝሸፉ ግን መልሲ ዝህቦ ይስእን። ከምዚ ዓይነት ኩነት እንክጋጥሞ'ውን ከምታ ብትዕግስቲ ደዪቡ ክጸብ ዝጸንሐ ብተመሳሳሊ መገዲ ብቐሲታ ይወርድ።

ብመሰረቱ ንሱ ዓቕሊ ምጽባብ ዝበሃል ኣይፈልጦን። ምኽንያቱ ብዙሕ ግዜ ኣሉ ኢሉ ስለ ዝገምት፡ ኣብዚ ዝሰኣንኩዎ ኣብቲ እረኽቦ በሃላይ እዩ። ብዘኸሰሮ መከራኡ ብቐሊሉ ኣይወሃዳ። እንሓንሳብ ከኣ ብትዕግስቲ ደዩቡ ነታ ደወል ረኺቡ ሰራሕተኛ ወይ ዋና ገዛ ይመጽእሉ'ሞ፡ 'ርሳስ ኣይንደልን።' ዝብል መልሲ ሒዞ ይምለሱ። ወይ'ውን ኣገልጋሊት ይመጽእ'ሞ ነቲ ዘዘሮ ዘይጠቅም ኣቕሓ ትደልዩ ዲኹም ክብሉ ንኣሰራሕቲን ካብ ዕረፍቶም ክርብሽኣም ከም ዘይደልዩ ይሕብራኦ።

ብመሰረቱ ኣብታ ንግሆ እቲኣ ዝቦን ርሳሳት ዝሸጠ ሓደ ከሉ መዓልቲ ዝተኸሰቡ ሰብኣይ እዩ። ንሱ ኣብ ጥቓኡ ከርሒቑ፥ ቡቲ ሓዩ ቡቲ ኻልእ ከኣ መናበሪ ምእንቲ ክኸውን እዩ ሓሰበ። እንተኾኑ ወላ ሓንቲ ኣይሸጠን። ጥሜት ብበላሕቲ ኣሰናና ንመዓንጣኡ ኣሕረረቶ። ጉረሮኡን ከንፈሩን'ውን ብጽምኢ ደረቐ።

ጸሓይ ምሉእ ሓይላ ኣብ ምድሪ ሰለ ዘውደቐት፡ እቲ ኣየር መወቐ። ቡቲ ሰዓት ኣብቲ ጉደና ዝዘዋወረ ሰብ ድማ ብሾልቂ ኽልብሉብ ግድን ኩነ። እዚ ዘይርድኦ በዛም ዓይነ-ስውር፥ ክዳን ኣብ ልዕሊ ክዳን ደሪቡ፡ ከም ኣርማደዮ ተደሪዑ ተጓዕዘ ደኣ። ንሱ፡ ንኣካሉ ብሰደርያ፥ ጥቢቆን ጁባን ተኸተኾ። ዕርቃኑ ንእትሸፍነሉ ኣትሪፉ፡ ዝበን ክዳውንቱ ኣወጺኡ፡ ብኢዱ ክሕዘን ምኸኣለ። ግን ልቢ ስለ እትገድሶ ኣይሓሰቦን። ኣብቲ ህሞት'ቲ ሓንቲ ኣብ መስኮት ኩይና እትዕዘብ ሕያወይቲ ሰበይቲ፡ ንኸኒታቱ ተዓዚባ ብእኡ ሓሰበት። ደንገጸትሉ ኸኣ። ልዕሊ ኹሉ ጉደና ሰጊሩ፡ ቡቲ ኣእዋምን ግዝውቲን ብደበንገረኣም ዘጽለሉዎ ጠለስታ ዝርከቦ መንገዲ ክጉዓዝ ተመጸየትሉ።

እቲ ዓይነስውር ግን ከምቲ ዝተመጸየቶ ኣይገበረን። እኳ ደኣ ብጫቕ-ጫቕ ረሲኖም ፍንጭራዕ ኣብ ምባል ናብ ዝርከቡ ህጻናት ገጹ ተኣለየ። ንየም ህጻውንቲ እታ ቐዩሕ ሕብሪ ዘለዋ ንኡሽተይ ሳንዱቑ መሰጡዮም። ብኡንብኡ ድማ ኣብ ወሽጣ እንታይ ከም ዘሎ ክፈልጡ ስለ ዝደለዩ ዓገጉዎ። ሓደ ካብኦም ከኣ ካብ ኢዱ መዝዚዑ ክወስዳ ፈተነ። ኣብቲ ህሞት'ቲ ብባህሪ ዝተመርሐ ዓይነ-ስውር ነታ ክተናብረሉ እያ ዝበላ ንብረት ንምድሓን ተኸላኸለ።

ኣብቲ ቓልሲ ሓይሉ ኣኻኺቡ ብሓቦ ተቓለሰ። እናእወየ እናጨደረን እናተጻረፈን ከኣ ኣቓልቦ እቲ ኽቡብ ሱሓበ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ኽቡብ ክዘዋወር ዝጸንሐ ሓላዊ ጸጥታ፥ ከምቲ ልሙድ ሓገዝ ክገብር ኣብቲ ስፍራ ተረኽበ።

እቲ ሓላው ጸጥታ፡ ማእከል ረብሻ እቲ ተሓናኒቑ ዘሎ ዓይነ-ስውር እዩ ክብል ድሕሪ ምምጋት፡ ብኳሊታኡ ብምሕናቕ ነዋነዎ። ኣይደንገጉይን ግን ዓይነ-ስውር ምኽንያት ብምግንዛብ ብጉመዱ ገይሩ ክይዘብጦ ወላ ሓንቲ ጉድኣት ከየውረደ ኣፋነዎ።

ነጸነቱ ዝረኸበ ዓይነ-ስውር፡ ቡቲ ሃሩር እናተለብለበ መንገዱ ቐጸለ። እኳ ደኣ ደሓርሲ፡ መኻይን ብዝበዝሐ ናብ ዝንቀሳቐሳሉ ጸዑቕ ጉደና ኣቕንዐ። ኣይደንገየን ድማ፡ እተን መኻይን ካብ ርሑቕ ዝሰማዕ ደሃየን እናቃልሓን ነቲ ዝረገጹ ምድሪ እናደግደጋን እንክውንጨፋ፥ ንሱ ነቲ ጉደና ክቁርጽ ፈላሚ ስድሩ ሰደደ።

ሽዑ፡ ሓደ ሓደጋ ኣጋጠመ። እቲ ሓደጋ ከቢድ ከም ዝነበረ ብሽልተ ነገር ተፈልጠ። ፈለማ፡ እታ ብደበንገረ ክጉዓዝ ዝተመጸየትሉ ሰበይቲ፡ ብዕውለት ኣብ ባይታ ነጠበት። ብዘይካኡ፡ ኣብቲ ከበቢ ዝተዘዋወሩ ተጻወርቲ ዝበሃሉ ኣዝቡዝ'ውን ቡቲ ኣሰካሕካሒ ፍጻመ ሓሚሞምን ቃዚኖምን ፈዚዞም ተራእዩ።

ሓደጋ ዝፈጸመ መራሒ መኪና፡ እናተንቀጥቀጠ ልጓም ሓዘ። ሻንፎቱን ገጹን ድማ ብሓንሳእ ፈሰሙ። ድሕሪኡ፡ ልክዕ ከም ብሸሓር ዝተሳሕበ ማእሊያ ዘይብሉ ህዝቢ ኣብ ዙርያ እቲ ሓደጋ ተኣኻኸበ። እቶም ክጸዩ ዝጸንሑ ንኣሸቱ ቈልዑ፡ ብመኻይን ኣብ ምሕላፍ ዝበራ ኣንስትዮ፡ ጉዕዞኦን ኣቋረጻ ነቲ ኣሰቃቒ ትርኢት ክርእያ ወረዳ።

እቲ ዝበርም ግን ናይ ሓኻይም እዩ። ንሳቶም'ውን ብሸመይን መዓሸን ሓብሬታ ረኺቦም ኣብቲ ስፍራ ተረኺቦም ዘደንጸዉ እዩ። መቸም፥ ነቲ ከሉ ምትእኽኻብ ዝተመልከተ፡ ብገለ መለኮታዊ ሓይሊ ተመሪሑ ብሓንሳዕ ኣብቲ ስፍራ ዝበጽሐ ህዝቢ እዩ ምበሉ። ቀኑብ ጸኒሑ እቲ ኣሰካሕካሒ ሓደጋ ንመን ከም ዝሰከመ ተፈልጠ። እቲ ምትእኽኻብ'ውን ካብቲ ዝበርድ ንላዕሊ ጸዓቐ። ገለ ካብቶም ኣብ ዙርያ እቲ ከበቢ ዝተረኽቡ ሰባት፥ ቡታ መኪና ተጨፍላሊቑ መይቱ ዘሎ ሰብ ሓደ ሃብታም ሰብ ምዃኑ ኣለለዩ።

እቲ ሰብ ኣብታ ከተማ ጽልዋኡ ዘነበረን ኣርሒቑ ብምጥማትን ብዙሕ መጻኢ ህይወቱ ምሕሳብን ዝኽእል ምዃኑ'ውን ተረጋገጸ። ሽዑ ከሉ ሰብ ደንጸዎ። 'ከመይ ዝመስለት ዕድል እያ ኣርሒቑ ምርኣይ ንዝኽእል ሰብ መንጢላ ትወስድ?' ክብል ንሓድሕዱ ተሓታተተ። መልሲ'ውን ኣይተረኽበን። ንሱ ካብ ዋኒኑ ብምኽንያት ዕረፍቲ፡ ቤቱ ክቕይሩ ንዘይደለዩ ቤተሰቡ ከርክብ ታህዋኽ ወሲኹ ይጓዓዝ ከም ዝነበረ ተፈልጠ።

ኣብቲ ኸኒታቲ ነታ እናበረረት ዝመጸቶ መኪና ከስተውዕላ ኣይከኣለን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ኣሰቃቒ ሓደጋ ኣጓነፈ። እዚ ኹሉ እንክፍጸም፥ ነቲ ዝሰምዖ ጫቕ-ጫቕን ዕግርግርን ዘየለለየ ዓይነ-ስውር ብወገኑ ነቲ መስቀለኛ መንገዲ ሰጊሩ፥ ከም ኣመሉ፥ ንኣእጋሩ ኣብ ልዕሊ መንደልደል እናጉተተ ተጓዓዘ።

# መማቕርቲ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ገለ ካብ ብሂላት

* ሰብ፡ ግዜ ንክበራት ከም ዝቕይር ጌሮም ይሓስቡ። ክበራት ግን ብግዜ ዘይተሉ ባዕልኻ ኢኻ ክትቕይሮም ዘሎኻ።
ኣንዲ ዋርሎል

* ህይወትካ፡ ባዕልኻ እንተዘይኮንካ ካልእ ዝቕይረልካ የለን።
ካሮል በርነት

* ክበራት ኣይቅየሩን ኢዮም። ንሕና ኢና እንቕየር።
ሀንሪ ዳቪድ

* ሓይሊ ዘይብሉ ድሌት ኢዩ ዝልወጥ።
ጀምስ ጎርደን


* እናዓበና ክኸይድ ከሎና ንልወጥ ዘይኮንና፡ ንሕበሩና ኢና ዝያዳ እንግልጽ።

## ብዛዕባ ኤች ፓይሎሪ

ኤች ፓይሎሪ(H. pylori) ብባክተርያ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ጠንቂ ናይ ከስዐን ናይ ላዕለዋይ መውዳእታ ቀጢን መዓንጣን ረኽሰን መጉዳእትን ክስዕብ ዝኽእል ጠንቂ ሕማም ኢዩ። እዚ ኤች ፓይሎሪ ዝበሃል ባክተርያ ኣብ ከስዐ ምስ ዝህሉ፡ ነቲ ንኸስዐና ብውሽጡ ዝከላኸለሉ ልፋጭ ይሰንጥቖን የጥቅዖን። እዚ ልፋጭ ምስ ተጠቕዐ ድማ ከስዕና፡ ነቲ ካብ ሰብነትና ዝፍጠር ጋስትሪክ ኣሲድ ዝከላኸለሉ ስለዘሰእን ቃንዛ ይስመዓና። እቲ ባክተርያ ብዝወሳኸ ንቀህዮታት ከስዐ ስለ ዘጥቅዕ ነድሪ ከስዐ ጋስትራይትስ ይስዕብ። እዚ ናብ ከስዐ ዝፈስስ ብዙሕ ኣሲድ ግዜ እንተነዊሑ ናይ ከስዐ ካንሰር ክስዕብ ይኽእል።

ምልክታት ኤች ፓይሎሪ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፦

- መብዛሕትኦም ሰባት፡ እቲ ባክተርያ ከም ዘለዎም ኣይፈልጡን። ምልክታት ኣይረኣዩዎምን።




- ኣዝዮም ውሑዳት ግን ብጠንቂ'ዚ ረኽሲ ናብ ስየማክ ካንሰር ይምዕብሉ።
- እቲ ዝኾነ ምልክታት ቃንዛ ከብድን ዘቃጽል ስምዒታትን ኢዩ።
- እቲ ቃንዛ ከስዐካ ጥርሑ ክኸውን ከሎ ይገድድ። መግቢ ምስ በላዕካ፡ ጸባ ምስ ሰተኻ፡ ጸረ ኣሲድ ከኒና ምስ ውሓጥካ ክመሓየሽ ይኽእል።
- ክብደት ምጉዳል።
- ምዕጻው ሸውሃት።
- ተምላስ ደም ወይ ቡን ዝመስል ጸለም ነገር ክኸውን ይኽእል።
- ዕግርግር ምባል።
- ቅርጸት ቃንዛ ርእስን ሕቖን።
- ድሕሪ መግቢ ዘይምችኡኡት ይስመዓካ።
- ጸለም ቀልቀል።
- ብዙሕ ኣሲድ ምንዛዕ
- ሕማቕ ሽታ።

### ኤች ፓይሎሪ ከምዘለና ብኸመይ ነረጋግጽ፦

- ኤች ፓይሎሪ ይኹን ናይ ከስዐ ቁስሊ ሓካይም ብመርመራ ይፍለጥ።
- ብናይ ኤክስሬይ መርመራ ይፍለጥ።
- ብናይ ደም መርመራ ይረጋገጽ።
- ብናይ ቀልቀል መርመራ ይንጸር።
- ብዩም ባክተርያ ኣብ ከብድና ዝፍጠር ጋዝ ሓደ ካብ መረጋገጺ ኢዩ።

## መርዓት ኣንጭዋ

ዋዛ መማቕርቲ



ሓንቲ ኣንጭዋ ክትጉብዝ ምስ ጀመረት ንሰድራኣ “ኣነ ኑቲ ዝለዓለ ፍጥረት እየ ክምርዓው ዝደሊ!” ኢላ ትውከሶም። “እሞ እንታይ እዩ እቲ ዝለዓለ ፍጥረት” ኢሎም ይሓትዋ። ንሳ ድማ፦ “ምስጸሓይ እየ ክምርዓው ዝደሊ!” ትብሎም፤ ስድራኣ ኸኣ፥ “ንጸሓይ ደኣ ደበና የጸልምታ እንድዩ!” ይብልዋ፤ “እሞ ንደበና ክምርዓው እየ!” ትምልሰሎም፤ “ንደበና ድኣ ንፋስ እንደዩ ዝበትኖ!” ይብልዋ፤ “እሞ ንንፋስ ክምርዓዎ እየ!” ከኣ ትብሎም መሊሳ፤ “ንንፋስ ድኣ መንደቕ እንደዩ ዝኽልክሎ!” ድማ ይብልዋ ንሳቶም፤ “እሞ ንመንደቕ ክምርዓዎ እየ!” ትብሎም፤ “ንመንደቕ ድኣ ኣንጭዋ እንደዩ ዝኹሉ!” ምስ በሉዋ፤ “እሞ ንኣንጭዋ ክምርዓዎ እየ!” ትብሎም፤ ኣብ መወዳእታ፡ ኑቲ ዝለዓለ ፍጥረት - ንኣንጭዋ ተመርዕዋቶ ይበሃል።

## ቅንጥብጣብ

~ ክንስሕቕ ከለና ልዕሊ 30 ጭዋዳታት ኣካልና ነንቀሳቕስ።

~ ኣብ ኣካላት ወዲ ሰብ ካርቦን፣ ዚንክ፣ ካልሲየም፣ ማግኒዝየም፣ ፎስፈረስ፣ ንኬሊን ሰልኮን ዝበሃሉ ማዕድናት ይርከቡ።

~ ዓይንና ክሳብ 1 ሚልዮን ሕብርታት ናይ ምፍላይ ክእለት ኣለዎ ይበሃል። እዚ ድማ ካብቲ ዝበለጸት ናይ ዓለምና ቴለስኮፕ ንላዕሊ ተኽእሎ ኣለዎ ማለት እዩ።

~ ካብ 30 ዓመት ንላዕሊ ኣካላት ወዲ ሰብ ቀስ ብቐስ እናተጨበጠ ይኸይድ።

~ ዓይንና ቋሕ ኣቢልና ሕንጥሽው ክንብል ኣይከኣልን።

~ ወጽዑ ቀይሕ ደም ኣብ ኣካላትና ክዘውር 20 ካልኢት ጥራይ ይወስደሉ።

~ ሕንጥሽው ክንብል ከለና ኩሉ ካልእ ክፍሊ ኣካላትና ስራሕ ደው የብል። ልብና ከይተረፈት።

~ ደቂ ኣንስትዮ ዕጽፊ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ቋሕሰም ይብላ

## 10 ምሩጻት ደርፍታት ናይዚ ሰሙን'ዚ

2 October 2014 – Top 10 Songs of the Week

| ናይዘሰሙን | ዝሓለፈ ሰሙን | ኣርእስቲ ደርፊ | ደምጻዊ/ት |
|---|---|---|---|
| 1 | 1 | All about that bass | Meghan Trainor |
| 2 | 3 | Shake it off | Taylor Swift |
| 3 | 2 | Bang bang | Jessie J, Ariana Grande & Nicki Minaj |
| 4 | 6 | Black widow | Iggy Azalea Featuring Rita Ora |
| 5 | - | Habits (stay high) | Tove Lo |
| 6 | 4 | Chandelier | Sia |
| 7 | 5 | Blame | Calvin Harris Featuring John Newman |
| 8 | 8 | Rather be | Clean Bandit Featuring Jess Glynne |
| 9 | 7 | Break free | Ariana Grande Featuring Zedd |
| 10 | - | animals | Maroon 5 |

## ፍልልይ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን

1. ፍልልይ ኣብ ደርኺት (Motivation )

ሰበይቲ ፦ ውሕስነት ይደርኻ (Security )

ሰብኣይ ፦ ኣገዳስነት ይደርኾ (Significance )

ሰበይቲ ውሕስነት ይደርኻ ክበሃል ከሎ፡ ሰበይቲ ካብ ሃብታም ክትበሃል፡ ሰበይቲ ሃብታም ክትበሃል ትመርጽ። ሰብኣይ ከኣ ብኣንጻሩ ንሱ ሃብታም ክበሃል'ምበር ሰብኣይ'ታ ሃብታም ሰበይቲ ክበሃል ኣይደልን ኢዩ።

2. ፍልልይ ኣብ ኣተሓሳስባ (Un-derstanding of issues) ሰብኣይ፡ ንሰምዒት ሰበይቱ ክቕይር ቅልጡፍ ፍታሕ (solution) ከምጽእ ይደሊ፤ ንኣብነት ቁርን ጎልፎን። እዚ ብጭብጢ ንፈልጦም ሰባት ዝገበርዎ'ዩ። ክልተ ፍቑራት እናተዛወሩ ከለዉ እታ ጓል “ቀሪረ” ምስ በለቶ፡ ሽዑ ንሽዑ ከይዱ ጎልፎ ገዚኡ ኣምጺኡላ። ሰብኣይ ሽግር ክንገሮ ከሎ ፍታሕ'ዩ ዝሓስብ። እታ ጓል ቀሪረ ክትብሎ ከላ ዝሀልዋ ትጽቢት ግን ጎልፎ ገዚኡ ከምጽኣላ ዘይኮነ ክሓቑፋ ኢዩ። እዚ ኣብ ኣተሓሳስባ ሰብኣይን ሰበይትን ዘሎ ፍልልይ ኣገሊሑ የርእየና። እዚ ፍልልይ ናይ ኣተሓሳስባ ብቐሊሉ ናብ ባእሲ ከምርሕ ይኽእል ኢዩ። ሰበይቲ ባህሪ ሰብኣያ ከይተሓተተ ክተጸብቖን ክተመሓሓርርየን ትደሊ።

## ተወሳኺ...

ተሰፋኣለም የማነ

# ኣመሪካ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ጸቢብ ስረ ከይለብሳ ዝኣገደት ቤት-ትምህርቲ

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ ክፍለ-ሃገር ሰሜን ዳኮታ እትርከብ ሓንቲ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ተማሃሮኣ ንቑርጺ ኣካላተን ኣጉሊሑ ዘርኢ ዓይነት ስረ ከየዘውትራ ዝእግድ ሕጋጋት ኣውጺኣ።

ብመሰረት ሮይተርስ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ከምዚ ዓይነት ዘይልሙድ ሕጋጋት ተውጽእ ዘላ፡ ደቂ-ተባዕትዮ መማህራን ይኹኑ ተማሃሮ ናብ ክላስ ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን ኣብ ክንዲ ውራይ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝኹብሩ ኣቓልቦኦም በተን ረቒቕን ጸቢብን ክዳን ዘዘውትራ ተማሃሮ ይስረቕ ምህላዉ፡ ከምውጺቱ ድማ ተማሃሮኣ ኣብ ትምህርቲ እናደኸሙ ይመጹ ከምዘለዉ ብተደጋጋሚ ከተማሃርር ድሕሪ ምጽናሓ'ዩ። ብመሰረት'ቲ ኣርቂቓቶ ዘላ ሓደስቲ ሕጋጋት ኩሉ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ተማሃሮ ካብ ሎሚ ንደሓር ንቑርጺ ኣካላተን ዘርኢ ከም ጂንስን ታይትን ዝኣመሰለ ስረ ለቢሰን ናብታ ቤት-ትምህርቲ ምስዝኣትዋ ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ክሰጎ እየን። እንተዀነ እተን ደቂ-ኣንስትዮ ይኹና እቶም ደቂ-ተባዕትዮ መማህርተን፡ ብሓለፍቲ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ረቒቕ ዘሎ ሓደስቲ ሕጋጋት ፈጺሞም ኣይተቐበልዎን ዘለዉ። ብፍላይ'ተን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ደስ ዝበለን ዓይነት ክዳን ክለብሳ ዘይንፈግ መሰለን ምዃኑ ብምምልካት፡ እቲ ቤታ ቤት-ትምህርቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰለን ዝግህስ ዘይፍትሓዊ ከምዝኾነ ብምግላጽ'የን ተቓዊመንኦ ዘለዋ።



# ሽወደን፡ ብዝተለገሰላ ማህጸን ጥዑይ ዕሽል ዝተገላገለት ኣደ


ሓንቲ ጓል 36 ዓመት ሽወደናዊት ኣደ፡ ብፍሉይ ሕክምና ተሓጊዛ ናይ ካልእ ሰበይቲ ማህጸን ኣብ ከቡዳ ድሕሪ ምትካላ ጥዑይ ዕሽል ክትገላገል ከምዝኸኣለት ተገሊጹ።

ብመሰረት መጽሔት 'ላንሴት'፡ እታ ስማ ክትጥቀስ ዘይተደልየት ሰበይቲ ብዘይ ማህጸን ዝተወልደት ኮይና፡ ዝሓለፈ ዓመት'ያ ካብ ሓንቲ ጓል 61 ዓመት ፈታዊታ ሰበይቲ ንዝተለገሰላ ማህጸን ብፍሉይ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ተሓጊዛ ኣብ ከቡዳ ክትተኽሎ ዝኸኣለት። ብድሕሪዚ ሓካይም ሽወደን፡ ናታን ናይ ሰብኣያን ዘርኢ ወሲዶም ኣብ ላብራቶሪ ድቂ ድሕሪ ምምዕባል ናብቲ ሓድሽ ማህጸና ኣእትዮሞ። ድሕሪ ናይ ልዕሲ ሽሞንተ ኣዋርሕ ጥንሲ ድማ መውዳእታኡ ምሉእ ጥዕና ዘውንን ምጩው ዕሽል ክትገላገል ክኢላ። ሓካይም ሽወደን ከምዝገለጽዎ፡ ቀዳማይ ሕጂ ብኸምዚ ኣገባብ ወላድ ክገላገላ ዝኸኣላ ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝይክኣላ ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ሓድሽ ሕክምናዊ ፈተነ ንኻልኦት ማህጸን-ኣልቦ ደቂ-ኣንስትዮ ተስፋ ዝሁብ ምዃኑ ኣረዲኦም። ንሳቶም ወሲኾም፡ ነቲ ሓድሽ ሕክምናዊ ፈተና ኣብታ ሽወደናዊት ሰበይቲ ቀዳማይ ምትግባሮም ንልዕሲ 10 ዓመት ዝኣክል ኣብ ልዕሲ መጥበውቲ እንስሳታት ከምዝፈተንዎ ሓቢሮም። እቶም ሓካይም፡ ኣቓዲሞም ንትሸዓተ ደቂ-ኣንስትዮ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ማህጸን ኣሲጊጊሮምለን'ኳ እንተነበሩ፡ ካብኣተን ግን ናይተን ሽውዓተ ጥራይ'ዩ ዕዉት ክኸውን ክኢሉ።

ክኢላታት ከምዝሕብርዎ፡ ሓንቲ ካብ 4,500 ደቂ-ኣንስትዮ ማህጸን ኣልቦ ኮይና'ያ ትውለድ።



# ብሪጣንያ፡ ንዑረት ክፍውስ ተስፋ ዝተኑብረሉ ርኽበት



ተመራመርቲ ብሪጣንያ፡ ኣብ መጻኢ ንዑረት ዓይኒ ክፍውሱ ዝኽእሉ ፍሉያት ውልዶ ዋህዮታት ኣብ ኣዒንቲ ሰብ ከምዝረኸቡ ይገልጹ ኣለዉ።

እቶም ኣብ ዩኒቨርስቲ ሳውዛምፕተን ዝሰርሑ ሊቃውንቲ ከምዝሕብርዎ ዘለዉ፡ እንተኾይኑ፡ ኑቶም ኣብ ከባቢ ጉልባሽ ናይ ዓይኒ ዝርከቡ ውልዶ ዋህዮታት (stem cells) ኣብ ግዜ ዑረት ንብርሃን ጸሓይ ግብረ-መልሲ ከምዝህቡ ብምግባር ዓይኑ-ስውራን ዳግማይ ክርእዩ ከኽእልዎም እዮም። እዚ ክኸውን ክውን ዝኸውን ግን፡ ግዜ ክወስድ ምዃኑ የረድኡ። ንሳቶም ወሲኾም፡ ኑቶም ተለልዮም ዘለዉ ዋህዮታት ኣብ ላብራቶሪ እናማዕበሉ ናብ ኣዒንቲ ዓይኑ-ስውራን ብምስግጋር ጥራይ ንዑረት ክፍውሶ ከምዝኽእሉ'ዮም ዝገልጹ ዘለዉ። እቶም ዋህዮታት፡ ኣብ ኣዒንቲ ወዲ 97 ዓመት ሰብ'ውን ክጸንሑ ዝኽእሉ ብምዃኖም ካብቲ ኣገዳሲ ዘገረሞም ሃገር ምዃኑ ከኣ ይዛረቡ። በዚ ከኣ እቲ ርኽበት፡ ኑቶም ብሰንኪ እርጋን ብርሃን ዓይኖም ስኢኖም ዘለዉ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ዜጋታት ምዕራብ ዓዲ ናይ ፍወሳ ተስፋ ክህብ ምዃኑ ይገንር።

ጸብጻብት ሕክምና ብሪጣንያ ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብሓፈሻ ኣብ ብሪጣንያ ድማ ብፍላይ ምስ እርጋን ተኣሳሲሩ ዝስዕብ ዑረት ግሉ'ን'ዩ። ኣብ ብሪጣንያ ጥራይ 513 ሽሕ ዜጋታት በዚ ጸገም'ዚ ዝተጠቕዑ'ዮም። ኣብ ዝመጽእ 2020 ከኣ እቲ ቁጽሪ ናብ ልዕሲ 700 ሽሕ ክድይብ እዩ። ብመሰረት'ቶም ጸብጻባት፡ ኣብታ ሃገር ብጠቕላላ ኣስታት ክልተ ሚልዮን ዓይኑ-ስውራን ኣለዉ። እዚ ከኣ ካብ 30 ዜጋታት'ታ ሃገር እቲ ሓደ ዓይኑ ስውር ማለት'ዩ። ቁጽሪ ብርሃን ዓይኖም ዝስእኑ ዜጋታት ብሪጣንያ ኣብ ዝመጽእ 2050 ናብ ከባቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ክድይብ ምዃኑ ዘመልክት ትግምታት ይወፁብ ብምህላዉ፡ ዜጋታት'ታ ሃገር ካብቲ ዝያዳ ዘሻቕሎም ጥዕናዊ ጸገማት ኮይኑ ምህላዉ ይሕብር።

# ፈረንሳ፡ ንወዲ-ሰብኣያ ክትምርዓዎ ፍቓድ ዝሃበ ቤት ፍርዲ

ቤት ፍርዲ ፈረንሳ፡ ንሓንቲ ኤሊሳቤጥ ሎረንዝ ዝተባህለት ጓል 48 ዓመት ሰበይቲ፡ ምስ በዓልቤታ ድሕሪ ምፍታሓ ምስ ወዳ (ወዲ ሰብኣያ) ቃልኪዳን ክትኣስር ሕጋዊ ፍቓድ ብምሃቡ ብሰፊሑ ይውቀስ ከምዘሎ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ብመሰረት ጋዜጣ ቴሌግራፍ፡ እታ ሰበይቲ ምስ ሓደ ኤሪክ ሆልደር ዝተባህለ ሸሞንተ ሰብኣይ'ያ ተመርዕያ ኔራ። እንተኾነ ሓዳደይ ክምቐለይ ኣይኮኣለን ብምባል ምስኡ ነዊሕ ከይቀጸለት ተፋቲሓ። ካብኡ ድሕሪ ምፍላያ ግን ካብ ካልእ ሰበይቲ ምስ ዝወለዶ ቦኽሪ ወዱ ምውዳቕ ዕርክነት ስለ ዝጀመረት፡ ምስኡ ቃልኪዳን ኣሲራ ብሓባር ክትነብር ተረዲዳ።

ዋላ'ኳ እታ ሰበይቲ ምስ ወዲ ሰብኣያ ቃልኪዳን ክትኣስር ብሕጊ ፈረንሳ ዘይቅቡል እንተኾነ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ግና ከምዚ ዓይነት ውሳነ ምሃቡ፡ ኣብ ፈረንሳ ዓቢ ጎዳኢ ማሕበራውን ሃይማኖታውን ክብርታት ዘርኢ ምዃኑ እተን ማዕከናት ዜና ንርእይቶ ህዝቢ ብምጥቃስ ኣቓሊሐን።



# ቻይና፡ ብስግኣት ግብረ-ሽበራ 10 ሽሕ ረጋቢት ትፍትሽ

ሓይለታት ጸጥታ ቻይና፡ ብምኽንያት'ቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ተጸንቢሉ ዝወዓለ ሃገራዊ መዓልቲ ናጽነት'ታ ሃገር ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ከይፍጸም ብምስጋእ ን10 ሽሕ ዝኣኽሉ ረጋቢት ሐዙም ክፍትሽወን ከምዝተገደዱ ተገሊጹ።

'ፒፕልስ ደይሊ' ዝተባህለት መንግስታዊት ጋዜጣ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘርግሐቶ ጸብጻብ፡ ሓይለታት ጸጥታ ቻይና ኣብታ ሃገር ዝንቀሳቐሱ ገለ ኣሸበርቲ ጉጅለታት ኣብ መቐመጢ ረጋቢት ተባራዲ ቦምባ ብምስኳዕ ኣብ በይጂንግ ኣብ ኣደባባይ ቲያናንመን ዝቖድ ሃገራዊ ጽንብል ክዘርግዎ ከምዝኽእሉ ዘመልክት ዘይርገጽ ስለያዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምርካቦም ኑቲ ስጉምቲ ክወስዱ ከምዝተገደዱ ኣረዲኦ። እቲ በዓል ሰሙን ክተርፎ እንክሎ ኑቲ ስራሕ ከምዝጀመርዎ ዝጠቐሰት እታ ጋዜጣ፡ ኣብዞተን ብመጻወድያ ሐዙም ብደቂቕ ዝፈተሽወን 10 ሽሕ ረጋቢት ተባራዲ ቦምባ ረኺቦም እንተኾይኖም ዝሓብሮ ሓበሬታ የለን።

ብመገዲ ረጋቢት ግብረ-ሽበራዊ ተልእኾ ክትፍጸም ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ'ኳ ክኢላታት ዘመልክቱ እንተኾኑ፡ ብሪጣንያ ግን ኣብ እዋን ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ መደባ ኔራ'ያ። ተባራዲ ቦምባ ወይ ባዮሎጂካዊ ኣጽዋር ጸይረን ናብ ጸላኢ ዝበራ ኣሹሓት ረጋቢት ብፍሉይ ናይ ምስልጣን መደብ ድማ'ያ ሓንጺጻ ኔራ። ብዘይካ ብሪጣንያ፡ ኣመሪካ'ውን ኣብቲ እዋን ንጃፓን ንምጥቃዕ ቦምባ ዓጢቐን ዝፍንጅራ መንኮራት ናይ ምስልጣን ፈተነ ጀሚራ ኔራ። እቲ ዕላማ ብግዜ ዝፍንጀር ቦምባ ዝዓጠቓ ዕሉማት መንኮራት ኣብ ከሊ ኣየር ጃፓን ብሓፈርቲ ይደርብየሞ፡ እናበረራ ናብ ናሕሲ ኣባይቲ ናይ ከተማታት ምስ ኣተዋ እቲ ቦምባ ይፈርስ።

